# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.295 | ዓርቢ 9 ነሓሰ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2

ቢንያም - ኣብ 'ቱር ዲ ፍራንስ' ጥራይ ኣይኮነን ተዓዊቱ. . .!





ገጽ 3


ዕላል ምስ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ (ብርዚ)





ገጽ 4

ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ዝጎድኡ ሕማቕ ልምድታት


ገጽ 5

• ቅንዕና ዘዘውትር - ዋላ'ኳ ቅንዕና





ገጽ 7

ራሄል፡ ሉሚ ኣብ ውድድር. . .




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ፕረዚደንት ኣልሲሲ መልእኽቲ ሰዲዱ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ትማሊ 8 ነሓሰ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲ ኣብጺሖም።

መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ዝምድና፡ ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያትን ከኑታት ዞባን ዘተኮረ እዩ።

ፕረዚደንት ኣልሲሲ ብወገኑ፡ መልእኽቲ ሰናይ ምንዮት ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣመሓላሊፉ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ብወገን ኤርትራ ኣምባሳደር ኣብ ረፓብሊክ ግብጺ ኣቶ ፋሲል ገብረስላሴ፡ ብወገን ግብጺ ድማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻእን ኢሚግረሽንን ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢን ካልኦት ሰብ-መዚን ተረኺቦም ነይሮም።



# ሚ/ሕርሻ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዝናብ ብዝለዓለ ክቕጽል ትጽቢት ከምዝግበር ኣሚቱ


ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ መላእ ሃገር ካብ እተዋደዳ 139 ኞጣቢታት ሕርሻዊ ሜትዮሮሎጂያዊ ሓበሬታ ብዝኣከቦ ጸብጻብ መሰረት፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ ዝተመዝገበ ዝናብ፡ ከምቲ ትንበት ዝተገብረሉ ደሓን ማጠን ከምዝዘበ፤ ኣብ ወርሒ ነሓሰውን ብዝለዓለ ክቕጽል ትጽቢት ከምዝግበር ሓቢሩ።

ኣብ ወርሒ ሓምለ፡ ኣብ ዝበዝሐ ክፋላት ሃገርና፡ ልዕሊ 50 ሚእታዊት ልዕሊ ንቡር ዝኹሉ ተኽእሎ ዝናብ ክህሉ ትንበት ከምዝተገብረ ዝገለጸ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ሕርሻዊ ሜትዮሮሎጂ ኣቶ ተኽስተ ወልደጊዮርጊስ፡ ከምቲ ትጽቢት እተገብረሉ ደሓን ዝኹሉ ዓቐንን ሽፋንን ዝበሮ ዝናብ ከምእተረኽበ ኣብሪሁ።

በዚ መሰረት፡ ብደረጃ ሃገር - ኣብ ወርሒ ሓምለ ዝለዓለ ዝናብ ዝመዝገባ ኞጣቢታት መንደፈራ፡ ሕርኩኽ፡ ሰንዓፈ፡ ሶደራን ባረንቱን ክኾና ከለዋ፡ ካብ 9 ክሳብ 21 ኣብ እተዘርግሐ ናይ ዝናብ መዓልታት፡ ካብ 289 ክሳብ 311 ሚሊ-ሜተር ዝናብ ከምዝረኸባ ይሕብር።

ኣቶ ተኽስተ ኣሰዒቡ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰውን ልዕሊ ንቡር ዝኹሉ ዝናብ ናይ ምርካብ ተኽእሎ 50 ሚእታዊት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ፡ ብሓፈሻ ሓረስቶት ድማ ብፍላይ ኣድላዪ ምድላዋትን ጥንቃቐታትን ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

### ትንበያ ክረምቲ (ሰነ - መስከረም - 2024)




**ዞን I (ድሙቕ ቀጠልያ ሕብሪ):-**
(ውሱን ክፋል ሃገርና)

- ትሕቲ ንቡር ዝናብ (ነቕጺ) ዝለዓለ ተኽእሎ (15%)
- ንቡር 20%
- ልዕሊ ንቡር 65% ይግመት

**ዞን II (ሃሳስ ቀጠልያ ሕብሪ ዝበዝሐ ክፋል ሃገርና):-**

- ትሕቲ ንቡር ዝናብ (ነቕጺ) ዝለዓለ ተኽእሎ (20%)
- ንቡር 25%
- ልዕሊ ንቡር 55% ይግመት

# በዓልቲ-መዚ ው.ሕ.ሃ. - ምስ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ርክባት ኣካዪዳ

## - ኣብ ዞባ ማእከል ልምዓታዊ ቦታታት ተዓዚባ

ካብ 6 ነሓሰ ኣትሒዛ ኣብ ኤርትራ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ትፍጽም ዘላ፡ ብደረጃ ተሓጋጋዚት ዋና ጸሓፊ ው.ሕ.ሃ. - ኣወሃሃዲት መደባት ምምሕዳር ክሊማዊ ቅልውላው - ሚስ ሪና ጌላኒ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ርክባት ኣካዪዳ።

ምስ ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ሚኒስተር ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ዶ/ር ገርጊስ ተኽለሚካኤል - ብዘናጸል ኣብ ዝገበረቶ ርክባት፡ ኤርትራ ብደሆታት ክሊማዊ ነውጺ ንምግጣም ብዛዕባ ተሰላሲሉ ዘሎ መደባት ብሰፊሑ ተዘራሪቦ።

ሚስ ሪና ጌላኒ፡ ትማሊ 8 ነሓሰ ድማ፡ ኣብ ዓርበረብዑ፡ ኳዜንን መሰፍንቶን ኣብ ኣከባቢ ኣተኩሩ ዝስላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባትን ውጽኢቱን ንምዕዛብ ዑደት ኣካዪዳ።




ኣብቲ ብሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ተሰንያ ዝካየደቶ ዑደት፡ ኣብ ዓርበረብዑ ዝስላሰል ዘሎ ህንጻት ማእከላይ ዓቐን ዘለዋ ዲጋን ምስኡ ዝተኣሳሰር ሕርሻዊ ንጥፈታትን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ከባቢ ማይደምዓት ዝካየድ ዘሎ ምፍዋስ ልዕሊ 1,100 ሄክታርን ኣብ ደረጃ ምጽዳቕ ዝርከብ 500 ሽሕ ፈልሲታትን ኣብ ዝተዓዘበትሉ፡ ንዝተሓልፈ መድረኻት ዝምልከት ብሰእሊ ዝተሰነየ መግለጺ ተዋሂብዋ።

ሰሚናውን ደቡባውን ሃገራዊ ሕዛእቲ ንምዕዛብ ኣብ ኳዜን - ንኣስ ዞባ ሰረጀቓ ኣብ ዝገበረቶ ምብጻሕ ድማ፡ ኣብ 2014 ሃገራዊ ሕዛእቲ ንምኽላል ብመንግስቲ ዝወጸአ ሕጋጋትን ኣብ ምስሳን ስርዓተ-ምሕደሮን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ዝበሮ ኣበርክቶን ብዝርዝር ተገሊጹላ።

ኣብ መሰፍንቶ ድማ፡ ኮም ስረት ዝበረ መደባት ምግራብን ምስኡ ተቖሚዱ ዝተዓመ ምትካል ጸሓያዊ ጸዓትን ምዝርጋሕ መስመራት ማይን ተዓዚባ።

ብድሕሪዚ ኣብ ዝበቦቶ ሓበሬታ፡ ኤርትራ ካብተን ውሑድ በልቲ ጋዝ ዝተፍኣ ሃገራት ክንሶ፡ ብክሊማዊ ለውጢ ካብ ዝተሃስየ ከምዝኾነት ብምምልካት፡ መንግስቲ ኤርትራ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝካየዶ ዘሎ ኮም ስረት ዝበረ ዝምስገን ንጥፈታት ከምእተዓዘበት ገሊጻ። ምስ ው.ሕ.ሃ. ብሓባር ኩይና ካብዚ ዝበለጸ ክትሰርሕ ከምእትኽእል ድማ ዘለዋ እምነት ገሊጻ።

# ቢንያም - ኣብ 'ቱር ዲ ፍራንስ' ጥራይ ኣይኮነን ተዓዊቱ. . .!

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ብየወታት ቢንያም ግርማይ መን'ሞ ጸብ ዘይሰተየ?! ሓበን ስድራቤታቱ፡ ሓበን ገዛውቱ፡ ሓበን ከተማታቱ፡ ሓበን ሃገሩ፡ ግርማ ኣህጉሩ ኮይኑ በኒ። ዓወት ቢንያም ግርማይ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ግን እንታይ'ዩ ትርጉሙ? ምስ ህይወትናኸ ብኸመይ መገዲ ትተኣሳሰር? ዝያም ሕቶታት ክምልስ ኣብ ዝፈተንኩሉ፡ 'ቢንያም ግርማይ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ጥራይ ኣይኮነን ተዓዊቱ' ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሐ።

ኣብይ ደኣ ኣብ ካልእ? ዝብል ሓታቲ ጎፍ ክብሎ ምዃኑ እኣምን። ወዲ ግርማይ፡ ብዘይዳ ኣብ ኣተሓሳስባና እውን ግርም ተዓዊቱ እዩ። ብኸመይ ኣገባብ ናብ ዝርዝር ክሰግር እየ - ቅድሚኡ ግን ንበኒ ኣብ ግዜ ህጻንነቱ ክስእሎ ፍቐዱለይ።

ቅድሚ 24 ዓመታት - ህጻን በኒ ብወላዲቱ ዝተገብረሉ ክሽክን ቅጅል እብሉ። ኣብ ሕቕፎኣ ተሸኺሙ ሓደ መዓልቲ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ዘዐውቶ ጸብ ካብ ወላዲቱ ክሰዘሎ እርኣየኒ። ካብ ፍሉኹ ሓሊፉ ታት ምስ ጀመረ፡ ኣቦላት ስድራቤቱን ፈለጥቱን 'ታ...ተ' : 'ታ...ተ' ክብልዎ እንክለወሱ "ሕጂ'ሞ ኣሳልዩ፡ ሓደ መዓልቲ ግን ፈረንሳ ኣብ ዝብልዎ ሃገር ኣኢጋረይ ታሪኽ ክሰርሓ ክትርእዩወን ኢኹም" ይብሉም ነይሩ ይኾውን - ምናልባት። ብሽከሌታ ካረሜላ ይሕሸካ? ተባሂሉ ክሕተት እንክሎ፡ "ብሽክሌታ እየ ዝደሊ!" ነይሩ ይኾውን እምበር መልሱ። ከይዕንቀፍ፡ ከይስበር፡ ከይወድቕ፡ ከይልሕጸጽ - ብወለዱን ስድራቤቱን ዝተገብረሉ ሕንቃቐ፡ ሕንቃቐ ጥራይ ኣይኮነን ዝበረ። ዓለም ኣዛረቡ ስም ሃገሩን ህዝቡን ዝኸልዕ ሰብ እዩም ዝሰርሑ ነይሮም። ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ውድድር ብሽክሌታ ተኣምር ዝሰርሕ ሰብ እዩም ንዓለም ዘቕርቡላ ነይሮም። በኒ እንቋዕ ተሰርሐ!

ዓወታት ወዲ ግርማይ፡ ከመይ ንፉዓት ወለዲ ንኸውን ግርም ምሂሩና እዩ። በኒ ካልእ ዓይነት ሰብ ኮይኑ ክፀቢ እኮ ብዙሕ ተኽእሎ ነይሩ እዩ። ካብ ሓዱድ ኣላገሰ፡ መጉሃዩ ወለዱን ፈለጥቱን - ፈጺሙ ንኹብሱ እውን ዘይጠቅም ሰብ ኮይኑ ክርክብ . . ። ከም ሰቡ፡ ተራ ንፉዕ




ሰብ ጥራይ እውን ምኾኑ፡ ወይ እውን ከም መብዛሕትና ኣይ ንፉዕ ኣይ ሕማቕ ኮይኑ ዓለም ምሓለፉ።

ካብ መንኸ እልቢ ዘይብሉ ኣማራጺታት ግን፡ ድንቂ ሰብ ኮይኑ ተረኺቡ - ወዲ ግርማይ! ስድራ፡ ሓውቱ፡ ሓው፡ ጎረቤት፡ ዓርኩመሓዝቱን ሕብረተሰብን እንታይ ማለት ምዃኑ ቱር ዲ ፍራንስ 2024 ደጊሙ ኣዘኻኺሩና። ዓወት ወዲ ግርማይ ከኦ፡ መመሊስና ንፉዓት ወለዲ ክንከውን ንኣተሓሳስባና ኣሐዲሱ፡ "በኒታት" ሓቝፍና ንሓደር ከይንህሉ ጠቲና ከም እንፍትሽ ገይሩና።

ዝኾነ ፍጻሜ እንተዘይ ተርጊምናዮ፡ ፍጻሜ ጥራይ ኮይኑ እዩ ዝሓልፍ። ዓወት ወዲ ግርማይ ኣብ ህይወትና ብኸመይ መንገዲ ይትርጎም ኢልና እንተሓተትና ኸኣ ቅቡል'ዩ፡ ብዘይቀልዓለም፡ ወዲ ግርማይ ካብ ኣፍንጫና ኣርሒቕና ነዊሕ ክንሓስበን ዓቢዩ ክንሓልምን ኣዘኻኺሩና ኣሎ። ኪንዮ ጸቢብ ጸቢብና፡ ኑቶም ግዜና ኣብ ቀንጠመንጢን ትርኹ ምርኪን እነጥፍኦ - ርእስና ኣቕሪዕና ክንጥምት እሞ፡ ግዜና ኣብ ኣየናይ ቁም-ነገር ከነውዕሎ ከንፈታትሸ ቀሲብና ኣሎ። እቶም ኣንጭዋ ሓሊፉት ድሙ ተዓንቀፊት ዝዓይነቱ መጥፍኢ

ግዜ ዝውዕሉና፡ ኣተሓሳስባና ክንእርም ተደሪኽና። ኑቶም እከለ ከም'ዚ ገበረ፡ እከሊት ከም'ዚ ደገመት እናበልና ብዘይምልከቱና ደቀቕቲ ጉዳያት ውዒልና እንሓደር ከኣ'ሞ፡ ቀልጢፍኩም ተበራበሩ እዩ እቲ መልእኽቱ።

ግዜኹም ኣብ ምንታይ ተጥፍእዎ? ምስ መን ኢኹም ክትውዓደሩ እትውዕሉ? ንመን ክትበልጹ እዩ ትልምኹም? ክንዲ ጣፍዶ ክንዲ እምባ እዩ ሕልምኹም? ካብ ዓንኬል ከባቢኩም ኣርሒቕኩም ተማዕድዉዶ፡ ወይስ ኣብ እትመልከቱዎ ውሑድ ጉዳያት ጥራይ ኢኹም ሕልኽልኽ እትብሉ? ዝብሉ ብዙሓት

ኣገዳስቲ/ወሳኒ ሕቶታት እዩ ጋቢዙና ወዲ ግርማይ። "ኢይክኣልን እዩ"፡ "ኢይከውንን እዩ". . . ዝብሉ ቃላት ኣብ መዝገበ ቃላተይ ቦታ የብሎምን ኢሉና።

ሰብ ዓቢ እንተሓሊሙ፡ ካብ ሕልሙ ዝዓቢ ከምዝረኽብ ብቓልን ግብርን ኣመስኪሩ ቢንያም። ሓይሊ ዓብዩ ሕልሚ ኣግሂዱልና። ሕልሚ መኣዝን ከም ዘየስሕት፡ ሕልሚ ዕቑር ዓቕሚ ከም ዘበርኽ፡ ሕልሚ ቀዳምነታት ክንሰርዕ ከም ዝሕግዝ፡ ሕልሚ ንስራሕ ክብሪ ከም ዝውስኽ፡ ሕልሚ መጻኢ ከምዝተንብዩ፡ ሕልሚ ጻዕሪ ከም ዝጠልብ ኣቢሉ ኮይኑና።

ኑቲ ትማሊን ብቐደሚ ትማሊን ኣብ ዓውደትናት ወዒልና ዝሓደርናሉ - ትብዓትን ድፍረትን ከኣ'ባ ኣዘኻኺሩና። ብትብዓት ዘይድፈር ኣብ ዝመስል ዓውዲ ብኸመይ ጅግንነት ይፍጸም፡ 'ቤላ' ኣብኡ ኮይኑ። ሎሚ መቸም ብርግጽ፡ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ፍርሒ ከለግድ እዩ ተሓቢሩና ዘሎ። ዓወታት በኒ፣ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ብሉጻት ምስ ዝበዝሑ ተወዳዲርና ከም እንዕወት ኣረጋጊጹልና።

ኣብ መዳይ ሕርሻ፡ ኣብ ስነጥበብ፡ ኣብ ሕክምና፡ ኣብ ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ምህንድስና፡ ኣብ ምሕደራ፡ ኣብ ፖለቲካ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን፡ ኣብ ውትህድርና፡ ኣብ ጋዜጠኛነት፡ ኣብ ዓውደሕጊ ወዘተ። ናይ ዓለምና ብሉጻት ምስ ዝበዝሑ ገጢምና ዝበለጻና ክንከውን ከም እንኽእል መንእሰይ ቢንያም ኣበራቢሩና። ዘመኑ ዝመነ ዓቢ ሕልሚ እዩ፡ "ኣብ'ዚስ ክንዕወተሉ ኣይንኽእልን ኢና" እንብሎ ዓውዲ ክህሉ ከም ዘይክእል እዩ ደጊሙ ተረጋጊጹ ዘሎ። ኣብ ካልኦት ጽላታት እውን 'በኒታት' ክንፍጥር ኢና ንሕተት ዘሎና።

ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ፤ መራሒ መደብ፡ ኑቲ መደብ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ክመርሖ ጀመረ። ጸኒሑ ግን፤ ምናልባት ግዲ ከም'ቲ ዝሓሰቦ ኣይኮነሉን ኮይኑ፡ "እዚ እንግሊዝኛ ኸኣ ክኢልካ ኣይክኣልን

እንደዩ" ብምባል ዘረባኡ ብትግርኛ ክቕጽሎ እዝከረኒ። ዘይናይ ኣደኻ ቛንቋ'ሞ ብኸመይ መገዲ እዩ ብቐሊሉ ክከኣል? ኣብዚ መዳይ እዚ እውን ወዲ ግርማይ ኩነ ኢሉ ዝተዓለወ እዩ ዝመስል፡ በኒ ንቛንቋ እንግሊዝኛ ጸቡቕ ክመልኮ ምኽኣሉ ጥራይ ኣይኮነን እቲ ዘገርም። ቡቲ ቛንቋ ኣቢሉ ዝገልጾ ሓሳብ እውን ዘደንቕ እዩ።

ኣብ ቱር ደ ፍራንስ ክዕወት ምዃኑ ፈሊጡ፡ ድሕሪ ዓወቱ ብኸመይ ኣገባብ ልዙብ ቛንቋ እንግሊዝኛ ክዛረብ ይኽእል እውን ግቡእ ልምምድ ዘካየደ እዩ ዝመስል። ንኹሉ ብዘቐዖት ተዓሊኹም ጸንሑ ኢሎና። ኣኽዕ በኒ!

ዓወታት ወዲ ግርማይ፤ ንሃገርና ኤርትራ ዓይኒ ስሕበት ዓለም ክትከውን ኣበቂዐዋ እዩ። ብዛዕባ ኤርትራ፡ ምስ ኩናትን ዘይርገእነትን፡ ምስ እጉዳን ድሑርነትን ጥራይ ኣተኣሳሲረን ኪጋውሓ ዝጸንሓ ዓበይቲ ማእከናት ዜና ዓለምና፡ ድሮ ቅኒተን ፈሪሱ ተራእዩ። "ብኸመይ መንገዱ፡ ኤርትራ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጅግና ከተፍሪ በቒዓ?" ዝብል ሕቶ፡ ሕቶ ኩላ ዓለም ኮይኑ ተጋዚኑ ኣሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ውድድር ብሽክሌታ ብናይ ገዛእ ርእሱ ስነፍልጠት እዩ ዝምራሕ። በዚ ስነፍልጠት እዚ ደማ እዩ - ምስ ውድድራት ብዝተኣሳሰር ኣብ ግምታት ዝብጻሕ።

ዓወት ወዲ ግርማይ፡ ንስነፍልጠተኛታት ቱር ዲ ፍራንስ ኣገሪሙዎም ጥራይ ዘይኮነስ ኣሰንቢድዎም እዩ። ቢንያም ናብ'ዚ ደረጃ እዚ ክበጽሕ ዝተለማመደሎም ጽርግያታት ከመይ ዝኣምስሉ እዮም? እንታይ ተመጊቡ እዩ ናብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ብቕዓት ክሓኩር ዝኸኣለ? ንበኒ ዝሰርሐ ንፉሰን ኣየርኽ ከመይ ዝበለ እዩ? ዝብሉን ካልኦት ብዙሓት ሕቶታትን ስነፍልጠተኛታት ብሽክሌታ ዓለምና መልሲ ኩዓልወሎም ይሕተቱ ኣለው።

"ንፉስኩምን ቦታኹምን ክንለማመደሉ ፍቐዱልና. . ." ብዝብላ ጋንታታት ክንሸገር ብምዃንና ካብ ሕጂ ንዓለወሉ። "ካብ'ቲ ዝውቱር መጉብታትኩም ኣካፍሉና" ዝብላ እውን ኣይክስኣናን እየን። ዝበን ዓደስናን ሽሮናን ደኣ ከኹብሩልና እምበር!! ዓለም፤ ምስጢር ዓወት ወዲ ግርማይ ክትፈልጥ ኣብ እትደህስሰሉ ድማ፡ ንእግረ መንገዳ መንነት፡ ባህሊ፡ ምስጢርን ሕላገትን ክብርታትን ኤርትራውነት ኪጋህደላ እዩ እሞ - ድርብ ረብሓ እዩ።

ዓቢ እንተሓሲብካ፡ ካብ ዝሓሰብካዮ ዝዓቢ ዕጽፍጻፍ ዓቢ ከም እትረኽብ ደጊሙ ተረጋጊጹ ኣሎ። ብጦዝበሪ

ኣዘኻኺሩና በኒ! ዓወት በኒ ንዓና - "ሕልሚ ኣይተገንእሱ-ክንዲ እምባ ሕለሙ፣ ውድድርኩም ኣኽቢ'ኹም ምስ ዘለዉ ጥራይ ኣይትሕጸርዎ፣ ዝበርኩምዎን ዝጸሕኩምዎን ዘይብልኩም - 'መሬት ኣይትጸርና' ኣይትበሉ፣ ኣብ መንገኹም ብዝህሉ ቁም-ነገር ብዘይብሉ ትርክምርኪ ውድድራት ጸዓትኩም ኣይተህልኹ፣ ተተሓሒዝኩም ናብ ቅድሚት እምበር፡ ሓድሕድ ተጓቲትኩም ንድሕሪት ኣይትጋልቡ" እዩ መልእኽቱ።

ወዲ ግርማይ፡ ከም'ዚ'ታት ክንሓስብ ደሪኹና ኣሎ ኣቱም ሰባት! ስለ'ዚ ድማ እዩ - ወዲ ግርማይ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ጥራይ ኣይኮነን ተዓዊቱ ዝበልኩ። ኣብ ኣተሓሳስባና እውን ግርም ተዓዊቱ እዩ። በኒ ኣብ ቱር ደ ፍራንስ ጥራይ ዘይኮኑ ኣብ ቱር ደ ላይፍ (Tour De Life) እውን ተዓዊቱ እዩ ኢልና እንተ ገሊጽናዮ እውን ልክዕት ኣለና። ከም ኣቡኡ ክጥቀስ ድማ ብቑዕ እዩ።

ንኣተሓሳስባ ዝትንክፍን ናብ ቅኑዕ ዘማእዝንን ግብራዊ ብቕዓት እንተ ርኢኻ ድኣ'ሞ፡ ብኣፍንጫ ካብ ምቕባል ሓሊፍካ ካልእ ምርጫ የለን! ዕወት ኩሉ ግዜ ኣቡኡ እዩ። በኒ - ኣቡኡ ኮይንካ ኢኻ'ሞ ኣቡኡ ኣይትስኣን!!

## ዘይጸዓድ ኣርሓ!

በኒ - ዓንዲ ማእከል
ወዲ ጸኑዕ መትከል!

ንክፉእ ተንኮል ሸርሒ
ብትብዓት ቀንጢጡ ንፍርሒ
ከም ኢያታቱ ሓላው ወሰን
ዓጺጺድዎም እዚ ኤርትራዊ
መቕሰን።

ኣተሰፍዩ ብእወታ ዘቕብጽ
ኣሐጉሱ ንኻልእ ዘረብጽ
ኣብ ሕምብርቲ ዓዶም
በዓህ ዘቃልዐ ጉዶም!!
ወዲ ኤሪ፡
ድሙቕ ጸለም ኮኾብ ዓለም
ስሙን ስም ሃገሩን ዘድመቐ...
ብዘይድምሰስ ቀለም።

ደም ተሓለቡ ተፈኡ ዓኸታ
ረሃጽ ኣፍሰሱ ጎይታ ፍሸኽታ!
ምስ ብጾቱ ክንዲ ሽሕ
ርእሶም ኣድኒኑ ክሽሕሽሕ
ትልሞም ኣብርዒኑ፡
ብትልሙ ከኸሽሕ።

ማሕ ኢሉ ከም በርቂ
ጸምኣት ኣርወዩ ኣጥሊሉ ደርቂ
ብሓዊ ተፈቲኑ ተኸሲዑ ከም
ወርቂ
ኣማን ብኣማን ኣእማኒ ናይ ሓቂ!!

ናይ ኣውራ ኣውራ የማን ቀላሲ
መራሕን ተማሮርን ትገህ ተቓላሲ
እወ...!
ብሽኳ ተውለ ኣድራጋ
ጸለምን ስሑልን ጨጓር ዳንጋ
ካብ ድሕሪት ንቕድሚት በናጠሱ
ምኩራትን ኣርካናትን ፈናጢሱ
ከም ተኣምር ረገጹ ገስገሱ
ኣኽሊል ዓወት ደፊኡ ነገሱ።

ተሰምዩ ኦሎምፒካዊ
ወከል ኣምባሳደር ኣፍሪቃዊ
ከም ኣንበሳ ጓዕሚ ነቃዊ
ዘይጸዓድ ኣርሓ ጽብደል ሃገራዊ
መርኣያ ሕላገት መንፈስ
ኤርትራዊ!!

ኣብርሃም በኹረጽዮን (ሄርሊብ)
ፋይ/እዚ/ተወ/ሓይሊ መጓስቲር ዓላ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም
ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ዕላል ምስ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሕ (ብርዚ)

6ይን ናይ መወዳእታን ክፋል

***- ቀሲልካ ናብ ሕክምና ውድብ ምስ ከድካ ብኡ ኣቢልካ ናብ ጉጅለ ባህሊ ሰሜናዊ - ኣሃዱ ከም ዝቐየርካ ገሊጽካልና ነይርካ?***

እወ፡ ምግዛእቲ ከመይ ኣብ ሰበር ቀጠ ናብ ዓጸት፡ ኣብ መውዓኢታ ድማ ኣብ ጀልሃንቲ ቀንሰሊይ ምስ ኣሕወት ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ ሰሜናዊ ኣቕምና። ዋላ'ኳ ቅድሚ ምስ ጉጅለ ባህሊ ሰሜናዊ ምጽንባረይ ኣብ ሻብዓይ ዞርያ ካድር ብ1977 ኣብ መንተብለ ፈታቲ እንተ ነበርኩ፡ ብዕቱብ ስርሐይ ኢለ ዝሓዝኩምስ ኣብ ጀልሃንቲ ክልተ ብኢደይ ተሰኪመ እውን ኣቡቲ መድረኽ እናተንቀሳቐስኩ ፍሉይ ክእለተይ ንህዝቢ የርኢ ነይረ። ኣብ ዕንክሊል (ሰርክል) ሓዊ ኣቃጺለ ኣኮርራባት ብምግምጣል ብኡ ሰሊኸ ኢሓልፍ።

ድሕሪኡ፡ መደብ ምቛም ባህሊ ውድብ ስለ ዝመጸኡ ወዲ-መምህርን ጓል-መንቀርያትን ዝርከቡዎም ተጋደልቲ ንዓና - ኑየም ጉጅለ ባህሊ ሰሜናዊ ምርኢት ኣቕርቡ ኢሉምና ኣቕሪብና። ኣብኡ ብዙተዓዘቡና መሰረት ከኣ ቀዳማይ ንዓይ መሪጹም፤ እዩ። ኣብዚ ዝጠቐስኩዎ ግዜ ካብ ብርጌድ 4 ቦታ ዓዲገዝሎ ኣሃን ወዲ-ሽቃ መራሒ ሓይልናን ኣብ ሻብዓይ ዞርያ ካድር ተማሂር ነይርና። ሽዑ ግዜ ደርፊ ኣውጺአ ምስ ተባሂልኩ፡ ኣብ ምዕጻው ቤት-ትምህርቲ ብቛንቋ ሳሆ ግጥሚ ገጢመን ዜማ ኣውጺአን ክልተ ደርፍታት ደሪፈ ነይረ። "ሓሸውምታና"፡ "ጌደን ወይያወየ" ዝብላ እየን ነይረን። ድሓር ግን ዓሊ ያዕሲና ደሪፉወን ነይሩ።



ኣብ ጉጅለ ባህሊ ሰሜናዊ ከኣ ስወእ ተስፋኣለም ክራር፣ እያብ ሃብትኣብ ፈዘርሞኒካ፣ ፍጹም ወዲ-ሞገር ድማ ጊታር እናወቕዑልና ባህሊ መስሪትና። ኣብኡ ድማ ሓሙሽተ ደርፍታት ኣውጺአ። ኣብ ጉጅለ ባህሊ ሰሜናዊ ዝደረፍኩወን ዜማታት፤ ኣጉት ሽቃለት (ተላዓል ሸቃላይ)፡ ኣናህ ያሁመዳ፡ ዋናርዶዋናዋ (ዝሃርና ንበል)፡ ሓምራ ወላሎ (ንግፍዒ ጸላኢ ዝምልከት)፡ ሓንትዓበሊ (ከም በርቂ) ዝብላ እየን። ናይ ካልእ ቋንቋታት ኤርትራ ድማ ብዘመሳሰሊ ዝደርፉ ሒዝና ናብ ሓይልታት ዑደት ገይርና። ብዘይካ ምቕራብ ደርፈ፡ ኣብ በድረኽ ኮፍ ብምባል ከበዲ ግዝኦ ኣኢንጋሪይ እናኣጋጨኹ ናይ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ምጥቃዕ እኽእል ነይረ። ሰለስተ ጀሪካን ማይ - ሓንቲ ብኣፈይ፡ ካልኣይቲ ሄዋን ጊታረሰት፣ ንኣልማዝ ተስፋይ ንርከብ ሽዱሽተ ሰባት ካብ ጉጅለናን ካብ ካልእ ዝመጽኡን ብ1980 ኣብ ዓራግ መስሪትናያ። ግን ቅድሚኡ ተመስሪታ ነይራስ ድሓር ዝፈረሰት በዓል ፍሓራ ዝርከብዋ ጉጅለ ባህሊ ነይራ እያ።

ጉጅለ ባህሊ ድሕሪ ምቛምና፡ ብቐጻምነት ኣብ ሰራዊት፡ ቀጺልና ናብ ሱዳን ናይ ምርኢት ዑደት ኣካይድና። ብፍላይ ኣብ ሱዳን፡ ኣርባዕተ-ሓሙሽተ ግዜ ካብ ሜዳ እናተመላለስና ምርኢት ኣቕሪብና ኢና። ክልተ ኤርትራውያን ስበኡት፡ በዓል ኣቦይ ተስፋይ ማናጀራት ናይ ፋብሪካ ሽኮር - ከናና ሱዳን ዓዲምምና 20 ሽሕ ዝኸውን ሰራሕተኛ ምርኢት ኣቕሪብናሉ። እቲ ፋብሪካ ብናይ ሽውዓተ ሃገራት ካምፓኒታት እዩ ዝዕየድ። ማናጀራት ናይ ከሉ ግን እዞም ክልተ ኤርትራውያን እዮም ዝነበሩ።

ኣብ 1990 ድማ ንወጻኢ ናብ ኣመሪካን ኤውሮጳን ተበጊስና። ቅድሚኡ በዓል ወዲ-ትኹል ክልተ ወርሒ ገይሮም ምስ ተመልሱ ናትና - ጉጅለ ባህሊ ጸሓይና መለአ ትብርቕ - መራሒ መደብና ወዲ-ፈራዳይ ሰፊሕ ዑደት ፈጺምና። ኣብ ቦስተን፡ ኒውዮርክ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ዓዲእንግሊዝ፡ ኖርወይ ዑደት ምርኢት ኣካይድና።

***- "ሓምራ ወላሎ" ደርፍኻ እንታይ ነይሩ መበገሲኣን መልእኽቱን?***

"ሓምራ" ልሙድ መጸወዒ ናይ ላም (ከብቲ) እዩ። መንቀሊ ናይታ ደርፊ ግፍዒ ጸላኢ እዩ። ከምቲ ኣብ መጀመርታ ዕላልና ናብ ገድሊ ንኽስለፍ ካብ ዝደፋፍኣኒ ጠንቅታት ኣቢታት፡ ዓሊ ናይ ዝተባህለ ሰብኣይ ሓትነይ ኣቕሪበ ነይረ። እዚ ሰብኣይ ሓትነይ ኣብ ያግገስ በረኻ ጊንዳዕ ከብቲ እናጓሰየ ወተሃደራት ሃይለስላሰ መጺኦም ሐዞሞ። ኣብ ኸላ ጠቕሊሎም ብድሕሪት ከሳዱ ሓሪዶም ደርብዮም ኑተን ከብቲ ብምሉኣን ዘሚቶመን። ሽዑ ግፍዕታት መግዛእቲ ዝበጽሐን ዓድታት ብዙሓት እየን። ብሰንኪ ህዝቢ ካብ ዓድታቱ ተፈናቒሉ ከሰብ ድሕሪ ግዜ ናጽነት ናብ ጎረቤት ሃገር ሱዳን ተሰዲዱ ጸኒሑ እዩ። ገለ ዓድታት'ውን ክሳብ ሕጂ ብኡ ኣብለን ዝበደማ ኣለዋ። ስለ'ዚ ድራማዊት ደርፊ "ሓምራ ወላሎ" ነዚ ዝተገልጸ ታሪኽ ንምግላጽ ዝደረስኩዋ እያ።

***- ድሕሪ ናጽነት ኣወዳድባ ጉጅለታት ባህሊ ከመይ ኩነ? ንስኻኸ ምያኻ ዓቂብካዮ?***

ኣብ ድሕሪ ናጽነት እተን ጉጅለታት ባህሊ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት እየን ተኸፋፊለን። ኣነ ምስቶም ንዓሰብ ዝተመደቡ ከይደ። ናትና ጉጅለ ሄለን መለስ፡ ኤልሳ ኪዳነ፡ ዞማች ... ዝርከብዋ እያ። ግን ብወከይ ኣቡቲ ባህልታት ኣይቀጸልኩን፣ ሽዑ መንግስቲ የጣይስ ስለ ዝበረ ክፉኖ መሪጸ። ኣብ ጊንዳዕ ደኳን ተኻርየ ናብራይ ክመርሕ ጀሚረ።

***- እሞ ንጥፈታት ንግዲ ከመይ ከኢልካዮ?***

ንዓይ ወጽኢታዊ ከይኑ ኣይጸንሓኒን፣ ምናልባት እውን ኣይከኣልኩምን ምባል ይሓይሽ። ልዕሊ ኹሉ ከም ጀማራይ ሕቶይ ከይደልደለ ብልቓሕ ዝወሰድ ኣስቤዛ በዚሑ ንደኳነይ ሃሰዮዋ። እታ ደኳን ተዓሺጋ ኣብ ዝበረትሉ ግዜ፡ ጀነራል ስቡሓት ዝርከቦም ሰበ ስልጣን መንግስቲ ብምኽንያት በዓል 20 ሰ ናብ ጊንዳዕ ወሪዶም ነይሮም። ሽዑ ንእግሪ መንገዶም ደሃያይ ክፈልጡ ናብ ደኳነይ ኣላገሱም ነይሮም። ሽዑ ነታ ደኳን ክዕዘብዋ ከለዉ ኣስቤዛ ውሒዱዋ ዳርጋ ጠፊሻ ከም ዘላ ተዓዘቡም ወጺኦም።

ሩት ሰይቲ ጀነራል ስቡሓት ብሓቂ ትኸርቲ እያ። ካብ'ቶም ሓለፍቲ ንድሕሪት ኣቢታ ደኳን ትርፍ ኢላ "ስማዕ ሳልሕ ኩላትተካ - እዛ ደኳን ናትካ ድያስ ናይ ክራይ?" ኢላትኒ። ኣነ ድማ "ናይ ክራይ'ምበር፡ ሕጂ ኸሞግን ከሕድገኒ ይህውኸኒ እየም ዘለዉ" ኢለ መሊሰላ። "ሕራይ በል ክንምለስ ከለና ብኣኻ ክሎግኮ ኢና፣ ቻው!" ኢላትኒ ወጺኣ።

ሩት ንበዓል ጀነራል ከኣታት ደኳነይ ገሊጻትሎም እመስለኒ - እቶም ሰብስልጣን ንሓድሕዶም ተዘራሪቦም፡ ስራሖም ወዲኦም ናብ ኣስመራ ክምለሱ ኸለዉ ናባይ ኣላገሱም። ሽዑ ብጻይ ጀነራል ስቡሓት፡ "እዚ ስራሕ'ዚ ንዓኻ ዝኸውን ኣይኮነን ግደፎ፣ ናብ ጉጅለ ባህሊ ምክልኻል (ዋልታ) ተመለስ" ኢሉ ናብ ዝምልከቶ ክፍሊ ወረቐት ጽሒፉለይ። ምስ ተመለስኩ ኸኣ ደሞዝ ንኽጅመረለይ ኣዘዙ።

***- ንድሕሪት ክምልሰካ፣ ኣብ ግዜ 1990 ኣብ ካናዳ ምርኢት ንምቕራብ ዑደት ኣብ እትገብሩሉ ዝበርኩም ዘረኣየትካ ሓንቲ ኣዴ ብድሕሪኡ ከም ዝተሰምአኻ ጌጋ ሓበሬታ በጺሑዎ ይብሉዎ?***

ንሳ ጥራይ መኣስ ኩይና ጌጋ መረዳእታ ሒዙ ብዙሕ ሰብዩ ተደናጊሩ። እቲ ምኽንያት ድማ፡ ድሕሪ'ቲ ምርኢታት ዘቕረብናሉ ግዜ ብጻይና ወዲ ግድሻ ተሰዊኡ። ድሕሪ'ዚ መስዋእቲ ወዲ ግድሻ ሳልሕ ከም ዝተሰወአ ጌጋ መረዳእታ ዝሓዙ ሰባት ስለዝበሩ፡ እቲ ወረ ብኡ ኣቢሉ ተባዚሑ። ምኽንያቱ ኣብ ኣስመራ ኣነ ጎፍ ዝበልኩዎም ሰባት፡ ብሰንባደ ዘመስቅሉ ሰባት ይረኽብ ነይረ። እታ ኣዲ ድማ ሓንቲ ካብኣቶም እያ።



እሲያስ ጴጋይ ብድሕረና ብስራሕ ናብ ካናዳ ምስ ከደ፡ ናብ ገዛ ናይ'ዛ ትብሃል ዘላ ኣደ ኣላገሰ። ኣቡቲ ግዝ ምስ ኣተወ እታ ኣደ ንሰእለይ ኣዕቢያ ኣብ ሰፊሕ ቤትሮ ኣእትያ፣ ኣብ ዙራያኡ ዕምባባ ኣዕጢቓ፣ ብቐድሚቱ ሽምዓ ወሊዓ፣ ጭርሖ ዝኸሪ ሰውኣት ኣቐሚጣትሉ ምስ ረአየ ሰንቢዱ። ቀስ ኣቢሉ ኸኣ "እዚ ሰብ መን እዩ?" ኢሉ ሓቲቱዋ። ንሳ ኸኣ "እዚ ደኣ እቲ ደራፋይ ብጻይኩም!" ምስ መለሰትሉ፡ "እዚ ብህይወቱ ኣሎ፣ እቲ ዝተሰውአ ኻልእ እዩ" ኢሉ ኣረዲኡዋ።

እሲያስ ጴጋይ ካብ መጎሻኡ ናብ ኤርትራ ምስ ተመልሰ ናብ ዓሰብ ናባይ ደዊሉ "ንብረት መጺኡኻ ኣሎ" ኢሉኒ። ኣነ ኸኣ ካብ መን ደኣ ኸይኑ ኢለ ንሓንጎለይ ኣብ ሕቶታት ኣትየ። ድሓር እቲ ንብረት ኣብ ኢደይ ምስ በጽሐ እንተ ረኣኹዎስ ኣብ ቤትሮ ዝኣተወ ዝዓበየ ስእለይን 300 ዶላርን። ገረመኒ! ነቲ መሰይታ ደብዳበ እንተ ኣንበብኩዎ ድማ ካብ ዘይፈልጣ ኤርትራዊት ኣደ። እቲ ነገር ድሓር ኢሲያስ ጴጋይ ምስ ኣዕለለኒ እዩ ግልጺ ኮይኑለይ።

***- እቶም ኣብ ግዜ ህዝባዊ ሓይልታት ማንጁስ እናበሉ ዝጸውዑኻ ዝበሩ ብህይወት ዘለዉ ገዲም ተጋደልቲ ሕጂኸ ማንጁስዶ ይብሉኻ?***

ንኽቡር ፕረዚደንት ኤርትራ ኣቶ ኢሲያስ ኣፈወርቂ ንምርኢት ናብ ኣመሪካ ምስ ከድና ረኺበዮ ነይረ። ማለት፡ ንሱ'ውን በቲ ኣጋጣሚ ብስራሕ ናብኡ ገይሹ ስለ ዝበረ ኑየም ጉጅለ ባህሊ'ውን ረኺቡና ነይሩ። "ሰላም በሉዎ" ምስ ተባሂልና ከም ሰበይ ብደወይ ሰላም ኢለዮ ብምሕላፍ ቀሩብ ሰጉመ። መቸም ንወጻኢ መጎሻ ምስ ጀመርና ሞራልን ተስፋ ናጽነትን ጥራይ ኣስበሒና ነይሩ እዩ። ኣነ ድማ ከኣኣኩ ኢለ ሃጠረ ነይረ። ፕረዚደንት ግን ሽዑ እውን ኣይገደፎንን። እንተኾነ "ማንጁስ" ኢሉ ኣይጸውዓንን፡ ሕልፍ ምስ በልኩዎ፡ "ንዑንዓ! ኑቲ ብጻይ ጸውዕዎ!" ኢሉ እንደገና ተመሊሰ ሰላም ከም ዝበሎ ገይሩኒ። ማንጁስ ክብለኒ ኸኣ ኣይክእልን እዩ ሽዑ። ማንጁስ ቀደም እዩ ተሰኺሩ። ሕጂ'ሞ ኸኣ ...

***- ከሎታት ሓዳርካ?***

ኣብ ሜዳ ዝምድና ከይገበርኩ እየ ኣትየ። ሓለፍተይ "እሸኻ ስለምንታይ ዝምድና ዘይትገብር?" ይብሉኒ ነይሮም። ኣነ ድማ "ኣነ ከምርያ እንተ ኸይነ ናጽነት ክትመጽእ ኣለዋ" ይምልሰሎም ነይረ። ከም'ቲ ዝበልኩዎ ኸኣ ከይተዛመድኩ ናጽነት ኣርኪቡ፡ ድሕሪ ናጽነት ንኽብርቲ በዓልቲ-ቤተይ መብራት ማሕሙድ ተመርዕየ። ኣርባዕተ ኣውዳት ደቂ ድማ ወሊድና።

**የቐንየልና ሳልሕ!!**
**የቐንየለይ ሽሞንዲ!!**



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ዝጎድኡ ሕማቕ ልምድታት

ብዙሓት ሰባት ጥዕናኦም ብዘየገድስ ካብ ምሕላው - ሸለልትነት ከርአዩ ይረኣዩ እዮም። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘጋጥሙና ከም ነዊሕ ዝጸንሕ ሰዓል፡ ድኻም ድቃስ፡ ተደጋጋሚ ድኻም፡ ቀጻሊ ሕማም ርእሲ ብእዝውትሮም ሕማቕ ልምድታት ዝተኸሰቱ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እተካይዶ ስርሓት፡ እተዘውትሮ ልምድታት፡ እትወስዶም መግብታት ግቡእ ምክትታል ዘይትገብር እንተኾንካ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምኻ ዝተሓተ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኾኑ ናይ ደገ ተጻባእቲ ንኣካላትና ከየጥቅዕዎም ንምክልኻል ዝሕግዝ ኣገዳሲ ኣሃዱ ኣካላትና እዩ። ድኹም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት፡ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ዝተጠቕዑ ይኾኑ። ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሰብነትና ዘዳኽሙ ገለ ልምድታት ንምጥቃስ፦

* **ሽጋራ ምትካኽ፦** ምትካኽ፡ ዋላ ካልኣይ ደረጃ ኣትከኽቲ ዝኾኑ ሰባት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓልዑ ምኻኖም ሓቂዩም ይገልጹ። እዚ፡ ድኹም ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ስለ ዘለዎም ብምኻኑ እዩ። እቲ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ልምዲ ብኣጋኡ ክቋረጽ እንተዘይተኻኢሉ ንዝተፈላለዩ ሕማማት መንሽሮ የቃልዕ።

* **ኣልኮላዊ መስተ፦** ኣልኮል፡ ቀንዲ ዕማም ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሰብነትና ናይ ምዕናው ባህሪ ኣለዎ። ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያን ቫይረስን ዝኣመሰሉ ናይ ደገ ተጻባእቲ ዝውቅሉ ዓይነት ዋህዮታት እዮም። ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ተሃልኽ እንተኾንካ፡ ዝውሓዱ ጸረ-ጓና ኣካል ክትውንን ትግደድ፡ በዚ ድማ ብቐሊሉ ብሕማም ትልከፍ።

* **ውሑድ ምድቃስ፦** ኣካላትና ብዘተፍጥሮኡ ባዕሉ ናይ ምጽጋን ብሓደሽ መንፈስ ናይ ምሕዳስ ባህሪ ኣለዎ። ሰብነትና እኹል ድቃስ ክረክብ እንተዘይክኢሉ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ምሉእ ብምሉእ ክሰርሕን ክቐሕን ኣይክእልን። ኣብታ እትሰዕብ መዓልቲ ብደገ ክመጽኣ ንዝኽእል መጥቃዕቲ ድማ ኣይዳለወሉን። እኹል ድቃስ ዘይረኽብ ሰብ፡ ንኣጥ ጸረር ጸረር ከብልን ሻቡ ብሕማም ሰዓል ክጥቃዕን ኣስተብሂልኩም ትኾኑ። እኹል ድቃስ ዘይምርኻብ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ከም ዝዳኽም በዚ ብቐሊሉ ክንርድእ ይከኣል።

* **ንዊሕ ሰዓታት ስምዒታት ጸቕጢ ምርኣይ፦** ጸቕጢ ዘለዎ ስብ፡ ምስ'ቲ ዝተዘዘ ህይወት ዝመርሕ ሰብ ክነጻጸር እንከሎ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብ20 ሚእታዊት ዝተሓተ ከም ዝኾነ ሕክምናዊ ጸብጻባት ከዘኻኩዋ ክኢሎም እዮም። ንዊሕ እዋን ስምዒታት ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ ብዝተፈላለዩ ረኽሲ ብቐሊሉ ተጠቃዒ እዩ። ሓደ ሰብ ዘለዎ መጠን ጸቕጢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ እንተበጺሑ፡ ኣእምሮኡ 'ኮርቲሶል' (cortisol) ዝተባህለ ሆርሞን፡ ብልዑል ዓቐን የፍሪ። እዚ ሆርሞን'ዚ ንስራሕ/ዕማም ናይ 'ቲ' ዋህዮ (T cells) የዳኽሞ ወይ'ውን ምሉእ ብምሉእ ደው የብሎ። 'ቲ' ዋህዮ (T cells) ንኣካላትና ዝጥቅዩ ረኽሲ ንምቅላስ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም።

* **ብሕቶው ምኻን፦** ብሕትውና እንሓንኩብ ከም ወልፊ ክልመድ ከም ዝኽእል እዩም ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዘረድኡ። ካብ ምስ ሰብ ብምምሕዛር (socialize) ዝረኽብዎ ባህታ፡ በይናዎም ብምኻን ዝያዳ ሓጎስ ከም ዝረኽቡ ገይሮም ይቕጽርዎ። ኣብ ጸዑቕ ስራሕ ብምጽማድ ወይ'ውን በይንኻ ምኻን ብምድላይ፡ እኹል ማሕበራዊ ሱታፌ ዘይብሉ ሰብ፡ ትሑት ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ከም ዘለዎ መጽናዕትታት የረድኣ።

* **ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምክያድ፦** ምውሰዋስ ኣካላት፡ ጥዕናኻ ንምሕላው ዝሕግዝ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ። ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምክያድ ድማ፡ ኣካላዊ ብቕዓትካ ተዳኺሙ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓላዕካ ትኸውን። ምውሰዋስ ኣካላት ዘዘውትሩ ሰባት፡ ክሳብ ብእግሮም ምኻድ ዘይፈትዉ ሰባት ዘጠቓለለ እዩ፡ ንሕማም ሸኮርን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ልብን ዝተቓልዑ እዮም።

* **ልዑል ዓቐን ሸኮር ምውሳድ፦** ሸኮር ጀርምታትን ካልኦት ታህዋስያንን ናይ ምቅላስ ዓቕሚ ኣካላትና የዳኽሞ። ኣብ ኣካላትና ዘሎ መጠን ቫይታሚን 'ሲ' ናይ ምጥቃዕ ጠባይ ስለ ዘለዎ ድማ፡ ንሕማም ዝተቓላዕና ንኸውን። ቫይታሚን 'ሲ'፡ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ንምሕያል ዝሕግዝ ዝበለጸ መኣዛ እዩ።

## ደቅና መኣስ ኣፍ ከውጽኡ ይጅምሩ?

ደቅና ኣፍ ከውጽኡ ክጅምሩ እንከለዉ ንሰምዓላ ፋልመይቲ መዓልቲ፡ ፍሉይ ባህታ እያ ትፈጥረልና።

***ኣብናይ ዕድሚኦም እዩ ግን እዚ? ደቅና ኣብ ግዜኦም ኣፍ ዘይምውጽኦምከ የጨንቐናዶ?***

***ህጻናት ኣብናይ ደረጃ ዕድመ ኣፍ ይኸፍቱ?***

መብዛሕትኦም ህጻናት ካብ 12 ክሳብ 18 ወርሒ ኣብ ዘሎ ዕድሚኦም፡ ትርጉም ዘለዎ ቃል ከድምጹ ይጅምሩ። ይኹን እምበር ገና ካብ ዝውለዱ ጀሚሮም ንዖና ክርድኡና ዘይክእል ድምጺ ከሰምዑ ይረኣዩ እዮም።

ካብ ዝውለዱ ክሳብ 3 ወርሒ ዕድሚኦም ህጻናት፡ ዝኾነ ድምጺ የሰምዑ እዮም። ካብ 6 ወርሒ ዕድሚኦም ንደሓር ድማ፡ ወልደፍደፍ ዝበል ንዖና ድማ ትርጉም ዘለዎ ቃል ዝመስለና ከድምጹ ይጅምሩ። ከም 'ጋህ'፡ 'ባህ'፡ 'ሚ' ወዘተ ዝኣመሰሉ ድምጺ የሰምዑ።

ክሳብ 1 ዓመት ዕድሚኡ እቲ ህጻን ሓደ ምሉእ ቃል ዋላ ኣየድምጽ፡ ዘሸግር ነገር ኣይኮነን። ህጻናት ክሳብ እዚ ዕድመ'ዚ ብቓል ጥራይ ዘይኮነ፡ ምምልካትን ብምልክትን ክረዳድኡና ይፍትኑ እዮም።

***ኣከፋፍታ ኣፍ ምስ ደረጃ ዕድመ***

* ካብ ዝውለድ ክሳብ 3 ወርሒ ዕድሚኡ እቲ ህጻን በፍንጫኡ ኩኽ እናበለ ከድምጽ ይጅምር፡

* ካብ 4 ክሳብ 6 ወርሒ ዕድሚኡ እቲ ህጻን ክስሕቕ፡ ከርከር ክብልን ጸወታ ዝዓይነቱ ድምጽታት ከውጽእን ይጅምር፡

* ኣብ 12 ክሳብ 18 ዓመት ዕድሚኦም፡ መብዛሕትኦም ህጻናት ሓደ ምሉእ ቃል ከውጽኡ ይጅምሩ። ኣብዚ ዕድመ'ዚ 'ማማ'፡ 'ባባ'፡ 'በዓ' (ንኩዕሶ ክኸውን ይኽእል) ወዘተ ዝበሉ ቃላት ልሙዳት መኸፈቲ ኣፉ ይኾኑ። ኣሰማት ናይቶም ምስኦም ዘለዉ ኣሕዋቶም እውን ከድምጹ ይሰምዑ እዮም።

* ኣብ 2 ዓመት ዕድመኡ፡ እቲ ህጻን ክልተ ቃላት ኣላጊቡ ትርጉም ዘለዎ ሓሳባት ከውጽእ ይጅምር። ንኣብነት 'ማማ ከይዳ'፡ 'ኛኛ ሃባ' (መግቢ ሃባ ክኸውን ይኽእል) ዝበል ምሉእ ሓሳብ ክፈጥር ይጅምር።

* ኣብ 3 ዓመት ዕድሚኡ፡ እቲ ህጻን ክሳብ ሰለስተን ልዕሊኡን ቃላት ዝሓቖፈ ምሉእ ሓሳባት ከድምጽ ይርአ።

***ወዲ 18 ወርሒ ህጻን ክንደይ ቃላት ከድምጽ ይኽእል?***

ሓደ ህጻን 18 ወርሒ ዕድመ ምስ ረገጸ፡ ካብ 10 ክሳብ 50 ዝተፈላለዩ ቃላት መሊኹ ከድምጽ ይኽእል እዩ። እቲ ህጻን ክንድ'ዚ ዝኣክል ቃላት ኣብ ሓንጎሉ ክሕዝ ምስ ዘይክእል እውን፡ ዘጨንቕ ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ቃላት ናይ ምሓዝ ዕብየት፡ ካብን ናብን ህጻናት መጠኑ ክፈላለ ስለ ዝኽእል።

ኣብ'ዚ፡ ኣብ ክንዲ 'ክንደይ ዝኣክል ቃላት ሐዚዙ ኣሎ'' ኢልካ ምሉእ ኣደኻቦ ምግባር፡ ምስ ግዜ ሓደስቲ ቃላት ይለምድ ኣሎዀ የለን ከተስተብህሉሉ ይምረጽ።

እቲ ህጻን፡ 2 ዓመት ምስ መልአ ኣስታት 50 ቃላት ክመልኽ ምስ ዘይክእል ግን፡ ናብ ሕክምና ቆልዑ (pediatrician) ብምኻድ ግቡእ መርመራ ኣብ ደረጃ ምዕባለኡ ክትገብር ይምረጽ።

ንሓደ ህጻን፡ ናይ ምዝራብ ዓቕሚ ክጸልዉ ዝኽእሉ ረቛሒታት እንታይ እዮም?

***ሓደ ህጻን እዞም ዝስዕቡ ጥዕናዊ ጸገም ምስ ዝህልዎ፡ ኣፍ ናይ ምኽፋት ዓቕሙ ክጸሎ ይኽእል እዩ።***

* ኦቲዝም (Autism)፡

* ዝሕታለ ኣእምሮ (Down syndrome)፡

* ልምሰት ሓንጎል (Cerebral palsy)፡

* ናይ ምስማዕ ጸገም (Hearing impairment)።

ኣከባቢ ንባዕሉ፡ ኣብ ደረጃ ምኽፋት ኣፍ ጸልዋ ኣለዎ። ሓደ ህጻን፡ ብዙሓት ዘዛርቡ ኣሕዋት ወይ መቕርብ እንተለውዎ፡ ካብ'ቲ ምስ ሰባት ብዙሕ ርክብ ዘይብሉ፡ ቀልጢፉ ኣፍ ከውጽእ ይኽእል።

***ድርብ ቋንቋ ካብ ዝዛረቡ ስድራ-ቤት ዝውለድ ህጻን፡ ደንጒዩ ድዩ ኣፍ ዝኸፍት?***

"ድርብ ቋንቋ ዝዛረቡ ስድራ ዘለዎ ህጻን ኣፍ ኣብ ምኽፋት ይድንጉ እዩ" ዝበሃል ኣበሃህላ ኣሎ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ግና ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ ከም ዘይኮነ ክኢላታት ይዛረቡ።

ሓደ ህጻን ካብ ትግርኛን ዓረብን ዝዛረቡ ስድራ ዝውለድ ኮይኑ፡ 'ማይ' ከምኡ'ውን 'ሞያ'፡ 'ባኒ' ከምኡ'ውን 'ዕሽ' ዝበሉ ቃላት ምስ ዝመልኽ፡ ኣርባዕተ ቃላት ኣዋህሊሉ ከም ዘሎ ስለ ዝጽብጸብ ኣብ ደረጃ ምዕባለ ምኽፋት ኣፉ ዝኾነ ጸልዋ ኣይህልዎን።

***ህጻናት ዘረባ ክመልኩ ብኸመይ ክንሕግዞም?***

ህጻናት ዘረባ ከምዝለምዱ ንምግባር፡ እቲ ዝበለጸ መንገዲ ምሉእ ግዜን ኣደህቦን ሂብካ ከተዛርቦም ምፍታን እዩ። ከተዛራርቦም ኣብ እትፍትነሉ እዋን፡ ከይሰልከኻ ነገራት ብምልክት እናርኣኻ ደጋጊምካ ከተድምጸሎም ይግባእ። ህጻናት ቋንቋኦም ከጽንዑ ዝጅምሩ፡ ብምዕዛብን ኣብ ገጽካ እትፈጥሮ ምልክታት ብምስትብሃልን እዮም። ህጻናት ልክዕ ከም ሰፍሓ - ዝረኣይዎ ነገራት መጸየም ናይ ምሓዝ ክእለት ኣለዎም።

***ህጻናት ጸገም ምዝራብ ከምዘለዎም ዘርእዩ ምልክታት***

ህጻናት፡ ክሳዕ ክልተ ዓመት ዝመልኡ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ዕብየቶም ንምክትታል ዝሕግዝ መርመራታት ይግበረሎም እዩ። እዚ - ቀ'መቶም፡ ክብደቶም፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለኦም፡ ከምኡ'ውን ናይ ምዝራብ ክእለቶም ዘጠቓለለ እዩ።

ህጻናት ዘለዎም ደረጃ ምዕባለ ብዝያዳ ክከታተሉ ዝኽእሉ ግና፡ ስድራ-ቤት ባዕሎም እዮም።

***ወላዲኹም ዥም ዝስዕቡ ምልክታት ዘርኢ እንተኾይኑ፡ ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ጸገማት ክህልዎ ይኽእል እዩ፦***

= ኣብ ከባቢኡ ንዝተፈጥረ ድምጺ ምላሽ ክህብ ምስ ዘይርኢ፡

= ምስኹም ንምርድዳእ ተገዳስነት ምስ ዘየርኢ፡

= ኣብ ኸፍሲ-ወከፍ ደረጃ ዕድሚኡ ዝኾነ ሓደስቲ ቃላት ከዋህልል ምስ ዘይክእል፡

= ክረዳድኣኩም ብዘይ ምኽኣሉ ናይ ምሕራቕን ምብስጫውን ምልክት ምስ ዘርኢ፡

= ዝኾነ ሰብ ክርድኦ ዘይክእል ድምጽታት ብተደጋጋሚ ምስ ዘድምጽ።

ከም'ዚ እንተኾይኑ፡ ቋንቋ ናይ ምልክት ዓቕሚ ንምዕባይ ኣብ ልዕሊ'ቲ ህጻን ምሉእ ኣደህቦ ክትገብሩ የድሊ። ኣድላዪ እንተኾይኑ'ውን ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና ምዝርራብ ኣይትረስዑ። ጸገማት ብኣጋኡ ምፍላጥ፡ ዘድሊ ደገፍ ብእዋኑ ንምርካብ ሓጋዚ እዩ።

***ጸገማት ምዝራብን ቋንቋን ኣብ ስድራ-ቤትኩም ኣሎዶ?***

ጀነቲካዊ ምትእስሳር ክህልዎም ዝኽእል፡ ኣብ ምዝራብን ምልክት ቋንቋን ገለ ፍሉያት ጸገማት ኣለዉ። ካብ ኣባላት ስድራ-ቤት ተመሳሳሊ ጸገማት ኣጋጢሙ እንተኳይኑ፡ ኣብ'ቶም እትወልድዎም ህጻናት - እቲ ናይ ምዝራብ ጸገም ኪጋጥም ተኽእሎታት ኣሎ።

***ምኽሪ.. ህጻናት ናይ ምዝራብ ክእለቶም ንምዕባይ***

=> ብዘተኻእለ መጠን ምስ ደቅና ብሓባር ናይ ምዝርራብን ብምጽዋትን ምዱብ ግዜ ይሃልወና። ህጻናት ምሳና ብዝህልዎም ምትእስሳር እዩም ብዝዕባ ምብህሃልን ናይ ምዝራብ ዓቕምን ክመዓብሉ ዝኽእሉ።

=> ንከቢና ዝርብሸ ድምጺ (ከም ተለቪዥንን ወይ ረድዮ) ብምንካይ ናይ ምስማዕ ክእለት እቲ ህጻን ምፍታሽ፡ ብርቱዕ ድምጺ ዘለዎ ከባቢ ናይ ምስማዕ ዓቕሚ ናይ ህጻን ከም ዝዘሕትል ብምግባር፡ ብድሚ ነገራት ኣብ ምልላይ ከም ዝደናጎሩ እዩ ዝገብር።

=> ህጻናት ምስ ኣሕዋቶም ወይ መተዓብዮም ህጻናት ከም ዝላበዉ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኑቲ ስምኦም ብምሕባር ዝሰምዕዎ ድምጺ ናይ ምሓዝን ምድጋምን ክእሎቶም ከዕብዮ ይኽእል እዩ።

ምንጪ፦ Child health



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካመራ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:05 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ፍሉይ መደብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መደብ ዳህሳስ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንቋዕ ዝማም |

# ሕብራዊት ብርዒ


ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

• ቅንዕና ዘዘውትር - ዋላ'ኳ ቅንዕና ካብቶም መሰረታውያን ክብርታት ሰብ ሓደ እንተኾነ፡ ኣብ ኣዒንቲ ጓል ኣንስተይቲ ግን ሕልፊ ኣለዎ። ንድሌታት ደቂ-ኣንስትዮ ኣተኩርም ካብ ዝተገብሩ ብዙሓት መጽናዕትታት ጓል ኣንስተይቲ ከየድረረ ካብ ዝሕድራ ሓሶት ዝዛረባ ዚያዳ ከምእትጸልእ'ዮም ዝሮኣዩ።

• ዝጻወትን ዝዋዘይን መብዝሕተአን ደቂ-ኣንስትዮ ፍኹስ ዝበሉ ዕላላት ዚያዳ ካልእ ባህ ከምዝብለን'ዩ ዝገለጻ።

ደቂ-ኣንስትዮ ኣብቶም ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ተዋዚዮቲ ዝኾኑ ደቂ-ተባዕትዮ ዚያዳ ከምዝግደሳ ይፍለጥ። ንኣብነት ኣዕዋፍ ኣንጸባረቒ ወይ ጸቡቕ ዝሕብሩ ክንቲት ብምርኣይ መጻምድቶም ክምስጡ ይፍሰቡ። ኣብ ደቂሰብ'ውን ልክዕ ከምኡ - ንዝደለኻያ ጓል-ኣንስተይቲ ንምምሳጥ ክብርቲ መኪና ወይ ጸቡቕ ክዳን ምልባስ ዘድምዕ ጥራይ ዝመስለና ክንህሉ ንኽእል ኢና። ደቂ-ኣንስትዮ እምበኣር፡ መጻምድቶን ክኾውን ዝሓርይኦ ወዲ ተዋዛዪን መስሓቕን ዝኾኑ'ለን'የን ዝመርጻ። ዚያዳ እተን ደቂኣንስትዮ ጎረዛ ልዕሊ ዝኾኑ ዝጠልብኦ ባህሪ እንተሎ፡ መጻምድተን ኣፍ ዘኾዅድን

## ተባሃጊ ባህርያት ደቂ-ተባዕትዮ ብደቂ-ኣንስትዮ



ተዋዚያይ ክኾኑ'ለን'ዩ።

• ምሉእ ፍሽኽታ ዘዘውትር፡ ሓይሊ ፍሽኽታ ክሳብ ክንደይ ንሓሳባትን ኣረኣእያታትን ሰባት ክቕይር ከምዝኽእል ዝተፈልጠ'ዩ። ብኡ መጠን ምሉእን ሓቀኛን ፍሽኽታ ዘዘውትር ወዲ ኣብ ቅድሚ ጓል ኣመና ከም ዝበሃግ'ውን ይፍለጥ።

• በሊሕን ፈላጥን፡ መብዝሕትኡ እዋን ደቂ-ተባዕትዮ ብዙሕ ዝፈልጥዎ'ዮም ክዛረቡ ዝደልዩ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ክሰምዖኦ ጽን ይብላ። ዕላል ፈወሲ ናይ መብዝሕተአን ደቂ ኣንስትዮ'ዩ፡ ፍልጠት ዝመልአ ዕላል እንተኾነ ድማ ዝበለጸ እዩ።

• እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ።

መብዝሕተአን ደቂ- ኣንስትዮ ስለምንታይ ብዘየገድስ እወታዊ ስምዒታት'የን ዝብህጋ። ኣሉታዊ ኣረኣእያታት ይኹን ስምዒታት እናፈጠረ ምስ ዘሕዝኖን ዘጨንቖን ወዲ ግዜ ከተሕልፍ እትጸመም ጓል የላን እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

• ሓቀኛን እሙንን፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ወዲ ተባዕታይ ቀንዲ ክተንጸባርቐ እትደሊ ባህርያት ሓቐኛነትን እሙን ምዃን እዩ። መታለልን ዘይተኣማምንን በፍጹም ኣይትደልየን እያ። ከምዚ ዓይነት ባህሪ ንዝምድናታት ብኣሉታ'ዩ ዝጸልዎ።

• ወሳኒነት፡ ካብ ትርጉማት ሰብኣነት ሓደ፡ ወሳኒ ምዃን እዩ። ሰብኣይ ክውስንን ሓላፍነት ናይ ውሳኔኡ ክቕበልን ኣለዎ። ወዲ ተዋላዋሊ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ጓል ደስ ኣይብላን እዩ። ኣብ ልዕለኡ'ውን ቅሬታን ስግኣትን ተሐድር እያ።

• ፈቃር - ልዕሊ ኹሉ ደቂ-ኣንስትዮ ዘፍቅረንን ዘኽብረንን ወዲ ተባዕታይ እየን ዝብህጋ።

## ምስ ድቃስ ዝተሓሓዝ ናይ ኣመጋግባ ምዝንባል

በገላልጻ ሓካይም ምስ ድቃስ ዝተተሓዘ ናይ ኣመጋግባ ምምዝባል ምስ ሕማም ብልዩቲ ምብላዕ ተዛማድነት ኣለዎ። እቲ ፍልልይ እቶም ብሕማም ብልዩቲ ምብላዕ ዝተጠቕዑ ሰባት፡ ምሉእ ብምሉኡ ዝተበራበሩ ኮይኖም ዝገበርዎ ዘለዉ ነገር (ዝበልዑዎ) ዝፈልጡ እዮም። ጸገሞም ከኣ፡ እዋን ዘይብሉ ተንሲኦም ክትበልዕ ምድላይ እዩ። እቶም ምስ ድቃስ ዝተተሓዘ ብናይ ምብላዕ ምዝንባል ዝተጠቕዑ ሰባት ግና፡ ብድቕሶም'ዮም ዝበልዑ። ስለዚ እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ ኣይፍለጥዎምን'ዮም። ኣና ራያን ዝተባህለት በዚ ምስ ድቃስ ዝተተሓዘ ናይ ምብላዕ ምዝንባል ዝተጠቕዐት ሰበይቲ፡ ንዓመታት መንፈቕን በዚ ሕማም'ዚ ክትሳቐ እንከላ፡ ዋላ ሓደ ኣፍልጦ ኣይነበራን። ቁልጡፍ ዝኾነ ሚዛን ሰብነት ከኣ፡ ክትወስኽ ከኣለት። ኣብ'ቲ ፈለማ ድኻም ክስመዓ ዝጀመረ ግዜ ገለ ጸገም ከም ዘጋጠማ'ኳ እንተ ተረድኣ ጸገማ እንታይ ምዃኑ ግን ክትፈልጦ ኣይከኣለትን። ሓደ መዓልቲ ግን፡ ሓይላ ረሽሽ ምስ በላ ናብ ሓኪም ክትከይድ ወሰነት። ዶክተር ስኮት ኢ.ቨሎፍ ተቐቢሉ ኣብ ናይ ድቃስ መጽናዕቲ ዝተዳለወም ሰባት ክትሳተፍ ኣማኸራ። ኣና ኣብዚ ዝተኣዘዘላ መጽናዕቲ ድሕሪ ምስታፍ፡ ዝሓለፈ ናይ ዓመትን መንፈቕን ግዜ ብድቃሳ እንከላ ብዘይስለዐ መግቢ ልዕሊ ዓቐን ሚዛን ሰብነት ከም ዝወሰኸት ተፈለጠ። ኣብተን ኣብ ትሕቲ መጽናዕቲ ዝጸናሓትለን ሓያሊ ለይትታት ድማ፡ ብድቃሳ እንክላ ካብ ዓራታ ተንሲኣ ክትበልዕ'ያ ኣሕሊፋተን።

ኣሶማት ናይ ቀረባ መሓዛትካ ወይ'ውን ኣርእስቲ ናይ ሓንቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ዘንበብካያ መጽሓፍ ምርሳዕ ኣብ ብዙሓት ሰባት ዘጋጥም ተርእዮ እዩ። ከምዚ ዓይነት ምስ ናይ ምዝካር ክእለት ዝተኣሳሰር ጉድለት፡ ኣካል ናይ እርጋን ምኽንያት ኢስትሮጅን ሆርሞን (ከዊ) ኣብ ደቂኣንስትዮን እዩ። ይኹን'ምበር እዚ ምስ ናይ ምዝካር ክእለት ዝተኣሳሰር ጉድለት'ዚ ንገዛእ እርጋን ከጋድድ ስለ ዝኽእል ኣሻቃሊ ኮይኑ ንረኽቦ። ስለዚ ነዚ ጸገም'ዚ ንምቕላል ዝሕግዙ ነገራት ምንዳይ ግድነት ይኸውን። ንምኽኣሉ ምስ ዕድመ ንዝተተሓዘ ናይ ምዝካር ጉድለት ንምቕላል ዘለውና ዕድላት ንምስፋሕ ዝሕግዙና መኣዝታት መግቢ ወይ ካልእ ብልሓታት ይህልዉ ዶ?

ኣብ ኣመጋግባና ጸረምራ-ተ(antioxidants) ዘለዎም ቀመማት ከዘውትር ኣለና። ቀመማት ጸረ ምራተ ንዋህዮታት ኣካላትና ካብ ናጻ ራዲካላት (free radicals) ክወርዶም ንዝኽእል ዕንወት ዝከላኸሉን ዝጽግኡን ቪታሚናትን ማዕድናትን'ዮም። ነዚ ዝሕግዙ፡ ብቕዳምነት ካብ ዝሰርዑ ኣሕምልቲ፡ ዘቢብ፡ ብሉብሪን ስትሮቤሪን ክኾኑ እንከለዉ፡ ብቕዳምነት ዝሰርዑ ኣሕምልቲ ድማ ካውሎ ፍዮሪ ስፒናቺ፡ ምቁር ዱባን ብራሰል ስፕራውትን ከምኡ'ውን ካብ ቀመማት ማርጀራምን በርበረን ዝኣመሰሉ'ዮም። እዞም ዝተጠቕሱ ዓይነታት መግቢ እንተ ተኻኢሉ ኣብ መዓልታዊ መግብና ክንጥቀመሎም ዝተመርጸ'ዩ። ብፍላይ ሓደ ኩባያ በሉብሪ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ግዜ እንተ ተጠቒምና፡ ናይ ምዝካር ክእለትና ንእለቱ'ዩ ዝመሓየሽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዘይቲ ኣውሊዕ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢን ምዘውታር ምራተን ምቕጻልን ስለ ዘወግዱ ኣዝዮም ሓገዝቲ'ዮም።

## ኣገዳስነት ካርቦን

ኣገዳስነት ካርቦን ንደቂ ሰብ ልዑል ስለ ዝኾነ ብዘይ ካርቦን ስሩዕ ህይወት ክሰላሰል ኣይሕሰብን። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ንገለ ካብ ኣገደስቲ ጥቕምታት ካርቦን ክጠቕስ እዩ። ካርቦን ኣብ መዓልታዊ ህይወት ደቂ ሰብ ድማ፡ ዝተፈላለዩ ጥቕምታት ኣለውዎ። ካርቦን ኣብ ጉጅለ 14 ናይ 'ፐረዲክ ቴብል' ዝርከብ ኮይኑ፡ 'ኣቶማዊ ቁጽሩ' ድማ ሽዱሽተ (6) እዩ። ጥቕሚ ናይዚ ዘይብረታዊ ባእታ ብዙሓሽ ንምርድኡ፡ ፈለማ ንባህርያቱ ምርኣይ ተመራጺ ይገብሮ። ካርቦን ሓደ ካብቶም ሰብ ዝፈልጦም ርጉኣት ባእታታት እዩ።

ግራፋይት፡ ኣልማዝን ኣሞርፎስ (ቅርጺ-ኣልቦ) ካርቦን ድማ ተፈጥሮኣውያን ኣሎትሮፕ፡ ዝተፈላለዩ መልክዖት ናይ ሓደ ባእታ ካርቦን እዮም። ካርቦን ምስ ነፍሲ-ወከፍ ካልእ ባእታ ክሕወስ ብዙሓትን ጠቕምትን ውህዶት ክፈጥር ዝኽእል ባእታ ምዃኑ ምስትውዓል ድማ ንጠቓምነቱ ዘጉልሕ እዩ። ካርቦንሞኖክሳይድ (CO) ን ካርቦንዳይኦክሳይድ ($CO_2$)ን ድማ ብዝበዝሐ ዝርከቡ ውህዶት ካርቦን እዮም። ጥቕሚ ካርቦን ኣብ መሰረታዊ ኣቃውማኡ ዝተወሰኑ ጥቕምታት ኣለውዎ። ምስ ካልኦት ባእታታት ምስ ተሓዋወሰ ግና፡ ዝተፈላለዩ ባህርያት ብምንጻብራቕ ናብ ኣዝዩ ጠቓሚ 'ሳብስታንስ' ይቕየር። ገለ ካብ ግሩናት ጥቕምታቱ ምስ ንጠቕስ፡–

• ከም መመላኸዒ የገልግል።

• ኣብ መሕተሚ ጽሑፋት ማሽን ከም መሰረት ናይቲ ዝንጸግ ቀለም ኮይኑ የገልግል።

• ኣብ ዓንኬል ናይ መኪና ጸለም ሕብሪ ንምፍጣር ይጠቕም።

• መጸረዩ ካርቦን ገለ እዋን ከም መጻዕደዊ ባእታ ወይ መጸዩ ጋዝ ይጥቀም። ኣብ መሰረሕ ምጽራይ ድማ ብስፊሑ የገልግል።

• ካርቦን፡ ካርቦንዳይኦክሳይድ ዓፍዓፍ ወይ ሽሽ ኣብ ዝብሉ መስተታት፡ ናውቲ ምጥፋእ ባርዕን ኣብ ደሩቕ ኮንተህላወን ከም በረድ የገልግል።

• ባእታ 'ፍሎሪን' ኣብ ዘለዎም ውህዶት ኣብ መዝሓሊ ናውትን ስርዓታትን ይጠቕም።

• ሓያሎ መቕት ዝጻወሩ መሳርሒታት ኣብ ምፍራይ የገልግል።

• ኣብ ምፍራይ ፕላስቲክ ይውዕል።

ኣብ ሰብነት ዘለዎ ጥቕሚ፡– ካርቦን ንምዕባለን ህላወን ሰብ ኣብ ዝወሰን ነፍሲ-ወከፍ መድረኽ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ባእታ እዩ። ነፍሲ- ወከፍ ክፋሊ ሰብነትና ካርቦን ዝሕዝን ብልዑል መጠን ዝደልዮን ምዃኑ ድማ፡ ነቲ ኣቕዲምና ዝጠቐስናዮ ጥቕሚ ካርቦን ዘራጉድ'ዩ። ኣብ ሓያሎ ምዕቡላትን ኣገደስትን መስርሓት ህይወት ድማ፡ ኣገዳሲ ባእታ ኮይኑ የገልግል። ካርቦን ኣብ ሰብነትና ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ 'ኣቶማት' ዝሕብርን ብዝተወደበ መልክዕ ንዕቤት ዝጠቅም ክኸውን ዝኽእልን ባእታ'ዩ።

ግራፋይት፡– ግራፋይት ሓደ ካብ ኣሎትሮፓት ካርቦን ኮይኑ ኣብ ሓያሎ ኣገልግሎታት ዝውዕል እዩ። ተፈጥሮኣዊ ልምላመ ካብ ዘለዎም 'ሳብስታንሳት' ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ጥቕምታት ኣለውዎ።

• ከም መለሰሲ የገልግል።

• ኣብ ርሳስ ከም መጽሓፊ የገልግል።

• ኣብ ባትሪታት ይጠቕም።

ኣልማዝ፡– ኣልማዝ ኣብ ርእሲ'ቲ ሓያሎ ኢንዱስትርያዊ ጥቕምታቱ ንጉዳውያን ጥቕምታት'ውን ኣለውዎ። ንኽብሩን ኣገዳስነቱን ምዝካር ንብዕሉ ገለ ካብ ጥቕምታት ናይዚ ሓደ ካብ ኣሎትሮፓት ካርቦን ዝኾነ ዘየኻኽር'ዩ።

ኣልማዝ ዓቢ ታሪኽን ያታን ካብ ዘለዎም ባእታት ሓደ'ዩ።

ቅርጺ-ኣልቦ ካርቦን፡– ምስ ግራፋይት ኮነ ምስ ኣልማዝ ዘይሰርዕ ዓይነት ካርቦን እዩ። እዚ ዓይነት ካርቦን ናጻ ወይ ተበላሳዊ ካርቦን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ዘይከም ካልኦት ኣሎትሮፓት ካርቦን ሓቒቓዊ ቅርጺ ኣይውንንን።

ቅርጺ-ኣልቦ ካርቦን ምሉእ ብዘይኮነ ምቅጻል (ዋሕዲ ኦክስጅን ዘለዎ ምቅጻል) እዩ ዝፍጠር። ተወሳኺ ጥቕምታት ካርቦን፡– ብሓገዝ ካርቦን ዘመናት ናይ ዝሓለፉ ኣሰር-ህይወትን ማዕድናትን ዕድመ ምግማት ዝውቱር ኣገባብ እዩ። ብዝሒ ካርቦን ናይ ዝርከቦም ውህዶት ኣስታት 10 ሚልዮን ይበጽሑ። ካርቦን ኣብ ሰብነትና ይኹን ኢንዱስትሪ ሓያሎ ጥቕሚ ዘለዎ መዳርግቲ ኣልቦ ባእታ'ዩ።



## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ፈስቲቫል ንሱብትን ዕምቆትን ሓደ ባህሊ ብትኽክል'ዩ ዝገልጾ።" - **ሰደሃርት ካትራጋዳ**
- "ተስፋ ማለት ኩሉ እቲ ጸልማት እናሃለወ እንከሎ ብርሃን ከም ዘሎ ኽትርኢ ምኽኣል እዩ።" - **ደስሞንድ ቱቱ**
- "ክረምቲ ኩሉ ግዜ ተባሃግን ኣንጸባራቕን ወቕቲ እዩ።" - **ቻርለስ ቦውደን**
- "ኩሉ ግዜ ናብ ጸሓይ ገጽካ ጠምት፡ ጽላሎትካ ድማ ብድሕሬኻ ክወድቕ'ዩ።" - **ዋልት ዊትማን**
- "ሕልሚ መውዓእታ ገደብ ግዜ ዘለዎ ሸቶ እዩ።" - **ብናፖልዮን ሂል**
- "ኩሉ ግዜ ናብቲ ድሙቕ ሸነኽ ህይወት ኣቋምት።" - **ግራሃም ቻፕማን**
- "ናይ ሓባር ስራሕ ማለት፡ ብሓባር ናብ ናይ ሓባር ራእይ ምስራሕ እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

厄特四川矿产建设有限公司
ERITREA-SICHUAN MINERAL CONSTRUCTION CORP. LTD.

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Deputy Manager of Administration
**Department**: Administration
**Number Required**: 01

**Contract Type**: Definite

**Major Duties and Responsibilities**

Administration management:

- Formulate the management systems such as attendance, leave, travel, meetings, document management, etc. at the construction site.
- Formulate the work processes such as administrative secretary, translator, etc. and the management systems of the Project, and plan, organize, coordinate and control Administration work.
- Inspect and supervise the important work arrangement and instructions of the top management at the management level, draft comprehensive documents and meeting reports arranged by the top management, undertake the affairs of regular meetings, and organize and issue the meeting records/meeting minutes.
- Convey the decisions and instructions of General Manager, guarantee the smooth internal and external work contact at the construction site, and coordinate and cooperate with the work of various departments and cooperation units.

HR management:

- Formulate the overall human resources policy of ESMC, organize staff recruitment and training, and verify the compliance of the human resources management system of the Subcontractors.
- Organize employee recruitment and on-boarding training.
- Formulate and implement salary, performance, welfare assessment management regulations.
- Manage the employee training and development, organize employee on-boarding training and guide the departments to carry out pre-job training and on-the-job training.
- Be responsible for employee relationship management, including the preparation of employee manuals, and the management of employee attendance, overtime, leave, travel, visas, passports, daily welfare, labour contracts, labour disputes and labour protection. PR management:
- Coordinate and communicate relevant matters between the Company and the employers, Eritrean government departments, subcontractors and cooperation partners.
- Receive relevant internal and external personnel/guests.
- Serve important ceremonies, activities and comprehensive meetings.
- Provide services for public relations and banquet arrangements necessary for the business of the Company.

*Qualification and other Skill*

| | |
|---|---|
| Formal education, certificate or equivalent | ❖ Master's degree in Art (Conference Interpreting & Advance Technologies) |
| Work Experience – Nature & Length | ❖ Have relevant experience in administration and HR management |
| Other skills and abilities | ❖ Diligent and efficient in work |

General Information and Other Requirement

- Place of Work: Asmara Project Sites (Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

Additional Requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 07 days from the date of publication on the newspapers

*Address: Please mail your application to;*
Eritrea
Sichuan Mineral
Construction CORP.
LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832
Asmara, Eritrea

*Required to send a copy of their application to the following address*
Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

*Note to Eritrean applicants:*
Please send a copy of your application to Aliens Employment permits Affairs, P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

Tel: 291-1-113439 St. Abo, zip178 No.14 Nishtey Gejeret P.O. Box 4832 ASMARA – ERITREA



### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ብፁዕ ዘፍቅሮ ክቡር በዓልቤተይ ቀሺ ፍስሃየ እስጢፋኖስ ብንያም ዝተሰመዓና ኣዝዩ መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩሙናን ምስ ዓረፈ ክሳብ ጸዓዝጋ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓልቲ-ቤቱ ሰስተር ትዕግስቲ ሳሚኤል
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ኣቶ ሰመረኣብ ኪዳነ ሰለሙን ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩም፣ ኣብ ገዛ ኀቦ ዘቃበርኩሙናን፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ዝቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ኣብርሀት በየነ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ትርሓስ ንጉሰ ኣርኣያ በዓል-ቤተይ መንግስትኣብ ወረደ ማዕቀባይ ስለዝተሰውኣ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ ን5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን31/9/24 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ራሄል፡ ሎሚ ኣብ ውድድር . . .


ኤርትራዊት ኦሎምፒኣዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል፡ ሎሚ ዓርቢ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ውድድር 10,000 ሜትሮ ክትጽመድ እያ።

ኣብዚ ውድድር ዝሳተፉ ኣትሌታት፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት 1 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ 2024 ኣብ ዝበረ ናይ መጻረዪ ውድድር እያን ህላወኦን ኣረጋጊጸን። 30 ደቓይቕን 45 ካልኣይትን ወይ ትሕቲኡ ዝሰረማ 27 ኣትሌታት ዝተፈላለያ ሃገራት ከኣ፡ ሎሚ ንሰለስተ መዳልያታት ክቃለሳ እየን። ሓንቲ ሃገር፡ እንተበዝሐ ሰለስተ ኣትሌታት ጥራይ ኢያ እተሳተፍ። ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣመሪካን ጃፓንን ምሉእ ኮታ ሒዘን ዘለዋ እየን።

ብመንጽሩ፡ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኣ ኣብ ኦሎምፒክ ትወዳደር ዘላ ራሄል፡ ኣብ ጉያ መሮር (Cross Country) ብዘኣከበቶ ነጥቢ እያ ኣብዚ ኣብ ውሽጢ ጉዛ (ትራክ) ዝካየድ ውድድር ክትሳተፍ። ኣብ ኦሎምፒክ ቶክዮ 2020 ኣብ 5000 ሜትሮ ዝተወዳደረት እዛ ትሰፍውቲ ኣትሌት፡ ሎሚ ምሸት ኣዕጋቢ ወጽኢት ክተመዝግብ ትጽበት ይግበረላ - ዋላ'ኳ ሓጋዚ ዘይብላ ንበይና ትሳተፍ እንተዘለወት። ጽቡቕ ዕድል ንራሄል!

ብሰንኪ ኮሮና ናብ 2021 ኣብ ዝተሰጋገረ ኦሎምፒክ ቶክዮ 2020፡ ነዚ ውድድር እዚ ሆላንዳዊት ሲፋን ሓሰን እያ ተዓዊታትሉ ነይራ። እዛ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተወልደት፡ ግን ከኣ ነታ ከም ስደተኛ ኮይና ዝሸደታን ዝዓበየትላን ሃገረ ሆላንድ እትውክል ዘላ ኣትሌት፡ ሎሚ ምሸት ክብራ ንምቃዓብ ክትቃለስ እያ።

ውድድር 10000 ሜትሮ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 10ይ ግዜኡ እዩ ኣብ ናይ ክረምቲ ውድድር ኦሎምፒክ ዝኣቱ ዘሎ።


ኦሎምፒኣዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል (ማእከለይቲ)

## ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ይቕጽል

ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ብኩዕሶ እግሪን ኩዕሶ መርበብን ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋንታታት ደንደንን መርሃዊን 0ብ0 ተፈላልየን። ብናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ዝተራኸባ ዐብልን ሂምቦልን እውን 1ብ1 ተፈላልየን። ሂምቦል፡ ኣብ ሻሙናይቲ ደቒቕ ካብ ኣቤል ካፍል ብዝረኸበታ ሹቶ ቀዳማ መራሕነት ሒዛ ነይራ፡ እንተኾነ ኣብ መበል 26 ደቒቕ፡ ዐብል ብመገዲ መድሃኔ ከሰተ እተመዓራርየሉ ሹቶ ረኺባ ማዕረ ተፈላልየን።

ቀጺለን እምባሶይራን ዛራን ኪጋጠማ እንከለዋ፡ ዛራ ኣብ መበል 92 ደቒቕ ካብ ሰራክ ሱልጣን ብዝረኸበታ ሹቶ ሰለስተ ነጥቢ ወሲዳ።



ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ጸወታታት ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሂላል ንዐብል፡ ከም'ኡ'ውን ከሎማ ንማይጸብሪ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ኣዳል ንመረብ 2ብ1 ሰዒራታ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ማይ ጸብሪ ንዛራ፡ ዐብል ንደንደን ብተመሳሳሊ 3ብ0 ረቲዐናአን። ከሎማ ድማ፡ ንሂላል 3ብ1 ከምዝሰዓረታ፡ ሓበሬታን ኣሰናዳኢቱ ናይ'ቲ እዚ ሓቢሩ።

## ከይታ፡ ምስ ሽርደር ብረመር ተፈላልዩ

ጊኒያዊ ተጻዋታይ ናቢ ከይታ፡ ኣብዛ ክረምቲ ካብ ክለቡ ሽርደር ብረመር ክወጽእ ምኻኑ ተፈሊጡ።

ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ሊቨርፑል ናብዛ ጀርመናዊት ጋንታ ብናጻ ዝተሰጋገረ ከይታ፡ ካብ ፈለማኡ ኣብ ስድራቤት እዛ ጋንታ ዝተኸፋፈለ ሓሳባት ኣለዓዒሉ እዩ። ኣብ ሊቨርፑል ኣብ ዝበረሉ እዋን፡ ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ከም'ቲ ዝድለ ኣድማዒ ክኸውን ስለዘይከኣለ።

ናብዛ ክለብ ምስተጸገዐ፡ ዳግማይ ብቕዓቱ ከንጸባርቐሉ ዝኽእል ዕድል ረኺቡ ነይሩ እዩ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ወዲ 29 ዓመት ኣኸፋፋሊ፡ ብሰንኪ ሽድሽተ ዝተፈላለዩ መጉዳእትታት፡ ዝሓለፈ ወቕቲ 18 ግጥማት ምኽፋሉ ይግለጽ። ምስዛ ጋንታ ኣብ ዝጸንሓሉ ሓደ ዓመት፡ ኣብ ሓሙሽተ ግጥማት ጥራይ እዩ ተሰሊፉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ከይታ ዝሓለፈ ወቕቲ - 14 ሚያዝያ፡ ምስ ባየር ለቨርኩሰን ኣብ ዝበርም ግጥም ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ከምዘይሰለፍ ምስ ተሓበሮ፡ ናብ'ታ ናብ ስታድዮም ትኸይድ ዝበረት ኣውቶቡስ ጋንታኡ ምስቃል ኣብዩ ናብ ገዝኡ ብምምራሑ፡ ምስ ሰብ ስልጣን እዛ ጋንታ ተባኢሱ ነይሩ። ካብ ቀዳመይቲ ጋንታ ክእለን ፕሮግራም መቕጻዕቲን ድማ ተበዪኑሉ።

ኣብ ኦሎምፒክ ማልያ ሃገሩ ለቢሱ ክጻወት ዝጸንሐ ከይታ፡ ካብቲ ውድድር ምስ ተገለለ ናብ ክለቡ ኣብ ዝምረሓሉ፡ ምስ ቀዳመይቲ ጋንታ ከምዝይጽንበርን ልምምድ ከምዘይገብርን እዩ ተሓቢርዎ። ንብይኑ ክለማመድ ድማ ጸኒሑ። ዳግማይ ናብዛ ጋንታ ከምዘይምለስ ተሓቢርዎ ብምህላዉ ከኣ፡ ሓዳስ ክለብ ክናዲ ተቐሲቡ ኣሎ።

## ጉማረስ፡ ካብ ኒውካስል ክወጽእ ከምዘይደሊ ኣፍሊጡ

ብዙሓት ክለባት ዝህድን ዘሎ ኣኸፋፋሊ ክለብ ኒውካስል ብሩኖ ጉማረስ፡ ኣብዛ ጋንታ ሕጉስ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ክወጽእ ከምዘይደሊ ኣፍሊጡ።

እዚ ኣኸፋፋሊ፡ ኣብዛ ጋንታ ብዘርኣዮ ስሉሕ ምንቅስቓስ ናብ ማን ሲቲ ብ100 ሚልዮን ፓውንድ ክሲጋገር ከምዝኽእል ተገሊጹ ነይሩ። ዝሓለፈ ወርሒ ሰኑ መልቀቒ ዋጋኡ ዕለቱ ብምውዳኡ (Expire ብምኻኑ) ከኣ፡ ስሙ ምስ ክለባት ማን ሲቲን ኣርሰናልን ተኣሳሲሩ ክለዓል ጸኒሑ።

ይኹን'ምበር፡ ጉማረስ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብዛ ኣብ ጥሪ 2022 ዝተጸንበራ ጋንታ ክወጽእ ከምዘይደሊ እዩ ኣፈሊጡ። “ኩሉ ግዜ ኣብዚ ኣለኹ። ክወጽእ እደሊ እየ ኢለ ብፍጹም ኣይተዛረብኩን።” ዝበለ እዚ ብራዚላዊ፡ “ኣባይቲ እዛ ጋንታ፡ ኣብ ጉጅለ መራሕቲ ዓቢ ሓላፍነት ሂቦምኒ ኣለው። መራሒ እየ ክኸውን ዝደሊ። ነዛ ክለብ ከኣ ብኹሉ መገዲ ክሕግዛ እየ ድልየተይ።” ኢሉ።

ኣብ ታሪኽ እዛ ጋንታ ስሙ ክጽሓፍ ከምዝደሊ ዝዘረበ ጉማረስ፡ “ሕጂ'ውን ዝኾነ ዝተቐየረ የለን። ገለ ዋናጩ ምስዛ ጋንታ ክዕትር እየ ዝደሊ። ምስዛ ጋንታ ኣብ ዝፈረምኩሉ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክጻወት ከምዝደሊ ተዛሪበ ነይረ። ኩሉ ሰብ ከኣ ጸሊሉ ኢሉኒ ነይሩ። እንተኾነ፡ ኣብቲ ውድድር ኣቲና። ሕጂ'ውን ዳግማይ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክህሉን ዋንጫ ክዕትርን እደሊ እየ። እዚ እዩ ሕልመይ።” ክብል፡ ንደለይቱ ክለባት ኣቐቢጹወን።

## ዙማ፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ኣቕኒዑ



ሓሊፉ ጋንታ ዌስትሃም ኩርት ዙማ፡ ናብ ስዑዲ ዓረብዊት ክለብ ኣል-ኣህሊ ክሲጋገር ከምዝተሰማምዐ ተቓሊሑ።

ዙማ፡ ናብ'ዛ ኣብ ዋና ከተማ ዱባይ እትርከብ ክለብ ንኽጽምበር፡ ዝመጽእ ሰሙን ሕክምናዊ መርመራ ክካየድ እዩ። እዚ ወዲ 29 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ምስ'ዛ ለንደናዊት ክለቡ ናይ ሓደ ዓመት ተረፍ ውዕል ኣለዎ።

ንዙማ ካብ ዝርዝር ክተውጽእ ተዳልያ ዘላ ዌስትሃም፡ ኣብዛ ክረምቲ ልዕሊ 100 ሚልዮን ፓውንድ ብምውጻእ ዛጊት ሽዱሽተ ተጻወትቲ ኣፈሪማ ኣላ። ኣብቲ ዙማ ዝስለፈሉ መስመር ምክልኻል ከኣ፡ ንሓሊፉ ጋንታ ዎልቨስ ማክ ከልማን ብ40 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝዕድጎቶ ይፍለጥ።

ሓደ ካብቶም ዝለዓሉ ተኸፈልቲ ዌስት ሃም ዝኾነ ዙማ፡ ኣብ 2021 ካብ ቸልሲ ብ29 ሚልዮን ፓውንድ ናብ'ዛ ጋንታ ካብ ዝሰጋገር ንደሓር፡ ልዕሊ 100 ግጥማት ወኪሉዋ እዩ። ብማልያኣ ጸዋእ ኤውሮፓ ሊግ 2023 ዝዓተረ እዚ ፈረንሳዊ፡ ዝሓለፈ ዓመት ደኽላን ራይስ ናብ ኣርሰናል ምስ ገዓዘ፡ መዝነት ሓላፊ ጋንታ ምቕባሉ ይዝከር።

## ኣማኑኤል፡ ምስ ክለቡ ዝነበሮ ውዕል ኣናዊሑ



ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤል ገብረዝጊኣብሄር፡ ምስ ክለቡ 'ሊድ ትረክ' ክሳብ 2026 ዘጽንሖ ውዕል ምፍራሙ፡ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ናይ'ዛ ጋንታ ሓቢሩ።

ኣማኑኤል፡ ናብዛ ክለብ ኣብ 2021 ክጽንበር እንከሎ፡ ናይ ምሕጋር ጉጅለ እዛ ጋንታ ክኸውን ብዝብል እዩ ፈሪሙ። ይኹን'ምበር፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት፡ ብሰንኪ ኣብ ቮልታ ካታሎኛ ዘጋጠሞ ኣዝዩ ከቢድ መጉዳእቲ፡ ከም'ቲ ዝድለ ዕውት ግዜ ከሕልፍ ኣይከኣለን።

ኣብዚ ዓመት ግና፡ ናብቲ ዝለዓለ ዓቕሙ ምምላሱ ኣመስኪሩ እዩ። እዚ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ፡ ዓቕቢ ኣብ ምሕጋር ዘለዎ ዓቕሚ ልዑል ምኻኑ ይፍለጥ። ብዙሕ ግዜ ድማ መጥቃዕትታት ኣንጻር ጋንታ ኣብ ምቁጽጻርን ንደቂ ጋንታኡ ኣጉዳሲ ቦታ ኣብ ምትሓዝን ልዑል ተራ እዩ ዝጻወት - ብፍላይ ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣልያ 2024። ኣማኑኤል፡ ኣብቲ ውድድር ወዲ ጋንታኡ ጆናታን ሚላን ሰለስተ ናይ መድረኽ ዓወታት ክመዝግብ፡ ብዓበኡ ከኣ ንናይ ነጥቢ ማልያ ክዕወተሉ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ብውልቁ ከኣ፡ ኣብ ቀዳመይቲ መድረኽ ብዘርኣዮ ናይ ቃልሲ መንፈስ፡ ናይታ መድረኽ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ተባሂሉ ምሸላሙ ይዝከር።

በዚ ከኣ እዛ ኣብ 2024 ስማ ካብ 'ትረክሰጋ ፍረዶ' ናብ 'ሊድል ትረክ' ዝቐየረት ክለብ፡ ምስዚ ህርኩት ተቐዳዳማይ ብምኻኑ ተወሰኽቲ ዓወታት ከተምጽእ ምኻና ብምእማኑ ተወሳኺ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ኣፈሪማቶ ኣላ። እዛ ጋንታ፡ ብናይ ኣማኑኤል ተወፋይነትን ናይ ስራሕ ሸውሃትን ከምዝተመሰጠት ይግለጽ።

ኤማ፡ ነዚ ውዕል'ዚ ድሕሪ ምፍራሙ፡ “ውዕለይ ምሕዳሰይ ኣዝየ ተሓጉሰ ኣለኹ። ኣብዛ ጋንታ ኩሉ ግዜ ጽቡቕ እዩ ዝስመዓኒ፤ ልክዕ ከም ስድራይ እያ። ምስ ሊድል ትረክ ምቕጻል ድማ ቀዳምነት ዝሰርዖ እዩ ነይሩ።” ኢሉ።

“ጋንታኒ” እትብል ሳዕ ዘሉቶ ኣማኑኤል፡ ናይ 2024 ዕወት ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ኤርትራ ምኻኑ ይዝከር። ዝመጽእ 17 ነሓሰ 30 ዓመት ዝመልእ ኣማኑኤል፡ ተኸታታሊ ክልተ ዓመት እዩ ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ኤርትራ ኮይኑ - ናይ 2023 ዕወት ናይ ግዜ ውድድር ብምንባሩ። ድሕሪ ሻምፕዮን ኤርትራ ካብ ውድድር ኣብ ዕረፍቲ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ጸባሕ 10 ነሓሰ፡ ኣብ እሰጽኛ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ውድድር ክካየድ እዩ። እዛ ንመበል 44 ግዜኣ እትካየድ ‘ዶኖስስቲያ ሳን ሰባስትያን’ ተባሂላ እትጽዋዕ ውድድር፡ 236 ኪሎሜተር እትሸፍን እያ።

## ኦሎምፒክ ፓሪስ - ዛጊት ብዝተዓወታኦ መዳልያታት ኣብ ቅድሚት ዝርከባ 10 ሃገራት

| | ሃገራት | ወርቂ | ብሩር | ነሓሰ | ድምር |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ሕ.መ.ኣመሪካ | 27 | 35 | 33 | 95 |
| 2. | ቻይና | 25 | 24 | 17 | 66 |
| 3. | ኣውስትራልያ | 18 | 13 | 11 | 42 |
| 4. | ፈረንሳ | 13 | 17 | 21 | 51 |
| 5. | ዓባይ ብሪጣንያ | 12 | 17 | 20 | 49 |
| 6. | ደቡብ ኮሪያ | 12 | 8 | 7 | 27 |
| 7. | ጃፓን | 10 | 10 | 9 | 29 |
| 8. | ኢጣልያ | 10 | 5 | 6 | 21 |
| 9. | ሆላንድ | 8 | 5 | 5 | 18 |
| 10. | ጀርመን | 6 | 4 | 9 | 19 |

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያዊ ኩባንያ፡ ኣብ ቡርኪናፋሶ ትካል ኒኩለስያዊ ጸዓት ክሃንጽ እዩ

ሩሲያን ቡርኪናፋሶን ኣብ ህንጸት ትካል ኒኩለሲያዊ ጸዓት ዘዘተረ ስምምዕ ከምዝኸተማ ተገሊጹ።

እቲ ስምምዕ ሰቡመዚ ጸዓት ክልቲኦን ሃገራት ብ7 ነሓሰ ኣብ ከተማ ዋጋዱጉ - ቡርኪና ፋሶ፡ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ እዩ ተበጺሑ።

ብመሰረት'ቲ ስምምዕ ድማ፡ ሩሲያዊ ኩባንያ 'ሮዛቶም'፡ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ቡርኪናፋሶ ትካል ኒኩለሲያዊ ጸዓት ክሃንጽ እዩ።

ማስርሕ ህንጸት ናይ'ቲ ፕሮጀክት ኣብ ቀረባ መጻኢ ከምዝጅምር ዝጠቐሱ ሰቡመዚ ጸዓት ክልቲኦን ሃገራት፡ ሕጽረት ጸዓት ቡርኪናፋሶ ክፈትሕ ልዑል ትጽቢት ከምዝተገብረሉ ገሊጾም።

ሩሲያ፡ ኣቐዲማ እውን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ማሊ ትካል ጸሓያዊ ጸዓት ንምህናጽ ዘኽእል ስምምዕ ከምዝኸተመት፡ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ መንጎ ሩሲያን ሃገራት ዞባ ሳሕልን ኩሉመዳያዊ ዝምድናታት እወታዊ ገስጋስ የመዝግብ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።



## ባንግላደሽ - ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ተመሪጹ



ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል ሰላም-2006 ፕሮፌሰር መሓመድ የኑስ፡ ንግዝያዊ መንግስቲ ባንግላደሽ ክመርሕ ከምዝተመርጸ ተሓቢሩ።

እቲ ወዲ 84 ዓመት ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ዝነበረት ሸኽ ሓሲና - ብዘጋጠማ ማዕበላዊ ተቓውሞታት፡ ካብ'ታ ሃገር ድሕሪ ምህዳማ - ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ነቲ ግዝያዊ መንግስቲ ክመርሕ ተሸይሙ።

ፕሮፌሰር የኑስ መራሒ ናይ'ቲ ግዝያዊ መንግስቲ ክኸውን ዝተወሰኑ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት መሓመድ ሻሃቡዲንን ወተሃደራውያን መራሕትን ወከልቲ ተማሃሮን ብዘተገበረ ዝርርብ እዩ።

ፕሮፌሰር የኑስ ኣብ 1983 ኣብ ባንግላደሽ - መደብ 'ንእሰ ልቓሕ' ዝበሃል ፕሮጀክት ብምብጋስ ንሓያሎ ዜጋታት ካብ ድኽነት ኣናገፉ እናተባህለ ብእወታ ዝግለጽ ሰብ እዩ።

እቲ ንቀዳመይቲ ሚኒስተር-ነበር ሸኽ ሓሲና ካብ ስልጣና ከምእትእለ ዝገበረ - ብተማሃሮ ዝተለዓለ ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ብወተሃደራዊ ስርዓት ዝምራሕ መንግስቲ እውን ብምንጻጉ ፕሮፌሰር የኑስ ነቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ክመርሕ ክጠልብ ምጽናሑ እዩ ዝሕብር።

ኣብ ባንግላደሽ ካብ መጀመርታ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ዝጀመረ ተቓውሞ፡ ኣብ ሲቪላዊ ኣገልግሎት ዝጸንሐ ዘይምዕሩይ ኮታ ክሰረዝ ብዝቐረበ ጠለብ ዝጀመረ ኮይኑ፡ ናብ ሰፊሕ ጸረ-መንግስታዊ ናዕቢ ከምዝተዓረገ ይፍለጥ።

ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ኣብ መንጎ ሓይልታት መንግስትን ሰልፈኛታትን ብዝተኻየደ ግጭት፡ ልዕሊ 400 ሰባት ከምዝሞቱ ይግለጽ።

ሰልፈኛታት ኣብ ርእሰከተማ ዳካ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ መንበሪቤት እታ ቀዳማይቲ ሚኒስተር-ነበር መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሞም፡ ሸኽ ሓሲና ስልጣና ለቒቓ ናብ ጐረቤት ሃገር ህንዲ ከምዝሃደመት ተፈሊጡ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ቱርኪ እገዳ ከተጽድቕ ከምትኽእል ተጠንቀቕ

ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆ ባይደን፡ ኣብ ልዕሊ ቱርኪ እገዳ ከጽድቕ ከምዝኽእል ዝሓለፈ ረቡዕ ኣጠንቂቑ።

እቲ ምምሕዳር ነቲ መጠንቀቕታ ዝሃበ ዘሎ፡ ቱርኪ ናብ ሩሲያ ከይኣቱ ዝተኣገደ ፍርያት - ብቐንዱ ድማ 'ወተሃደራዊ ንዋት' ትልእኽ ኣላ ብዝብል እዩ።

እቲ ሰደድ ምስ ዘቋርጽ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ከምዝተጸምዱ ኣብ ልዕሊ ዝኸሰሱተን 18 ኩባንያታት ቱርኪ እገዳ ከተንብር ከምእትኽእል፡ ኣመሪካ ገሊጻ ኣላ።

ይኹን'ምበር፡ ቱርኪ ምስ ሩሲያ ዘለዋ ንግዳዊ ንጥፈታት ብዝሰፍሐ መልክዑ ከምዘቐጽል ብምሕባር፡ ብወገን ኣመሪካ ንዝበሃል ዘሎ መጠንቀቕታ ትነጽጎ።

ኣባል ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ፡ ብጉዳይ ኩናት ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሩሲያ እገዳ ከጽድቃ ከለዋ እንከለዋ፡ ኣባል'ቲ ኪዳን ዝኾነት ቱርኪ ግና ነቲ ስምምዕ ከምዘይተጸገበቶ ዝዘከር እዩ።

ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ተደጋጋሚ እገዳ ከተጽድቕ ዝጸንሐት ኣመሪካ፡ ካልኦት ሃገራት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዳ ጸዑቕ ወፍሪ ተካይድ ከምዘላ እዩ ዝግለጽ።

ቱርኪ፡ ኩናት ዩክሬንን ሩሲያን ብዘተ ክፍታሕ ከምዝተጎብእ ብምምልካት፡ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዝወሰድ ዘሎ ተጻብኦ ስጉምቲታት - ነቲ ጉዳይ መሊሱ ከምዝጋደዶ እያ ክትገልጽ ጸኒሓ።



## ቱርኪ፡ ኣንጻር እስራኤል ክሲ መስሪታ

ቱርኪ፡ ኣብ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ብመንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ




ተመስሪቱ ዝጸንሐ - እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት ትፍጽም ምህላዋ ዝገልጽ ክሲ ብወግዒ ከምእትጽንበረት ኣፍሊጣ።

በዚ ድማ፡ ብመንግዲ'ቲ ኣብ ሆላንድ ዝርከብ ኣምባሳደራን ብጉጅለ ሓገዝቲ ኣካላት'ታ ሃገርን ኣቢሉ፡ ኣብ ዘሄግ ኣብ ዝመደበሩ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ኣንጻር እስራኤል ክሲ መስሪታ።

ቱርኪ - ንሃገራት ስጳኛ፡ ሜክሲኮ፡ ኮሎምብያ፡ ኒካራጓን ሊብያን ሰዒባ እያ ኣብ'ቲ ጉዳይ ተጸንቢራ።

ማሕበረሰብ ዓለም ደብዳብ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ደው ንምባል ሓላፍነቱ ክፍጽም፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ደገፍታን ኣድላዪ ጸቕጢ ክትግበር እያ ቱርኪ እትጽውዕ።

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ንጉዳይ ደብዳብ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቓዛ ብዘምልከት፡ ኣብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ክሲ ከምዝመስረተት ይፍለጥ።

ድሮ፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ደብዳብ መወዳእታዊ መስርሕ ሕጋዊ ፍርዲ ተኻይዱ እኳ እንተሎ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ናብ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ንኽበጽሕ'ስ ዓመታት ክወስደሉ ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ።

ምንቅስቓስ ሓማስ ንምዕቡናት ዜና ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቱርኪ ናብ'ቲ ክሲ ክትጽንበር ዘቕረቦ ሕቶ ብሓጎስ ከምእትቕበሎ ድሕሪ ምግላጽ፡ "እቲ ስጉምቲ፡ ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን ንፍልስጤም ዘለዎ ደገፍ ዘረጋግጽ" እዩ ኢሉ።

## መንግስቲ ናይጀርያ፡ ናይ ደገ ምትእትታው ከምዘይጻወር ኣፍሊጡ

መንግስቲ ናይጀርያ፡ ኣብ ሃገሩ ተፈጢሩ ኣብ ዘሎ ናህሪ ዋጋታት ዘንቀለ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ንዝኾነ ናይ ደገ ምትእትታው ክጻወር ከምዘይኮነ ኣፍሊጡ።

መንግስቲ ናይጀርያ ነዚ መልእኽቲ እዚ ዘመሓላለፈ፡ ሕቶ ህዝቢ ናይጀርያ ንምፍታሕ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ይሰርሕ ከምዘሎ ድሕሪ ምግላጽ እዩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እታ ሃገር የሱፍ ቱጋር ምስ ዲፕሎማሰኛታት ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ መንግስቲ - ንናይጀርያውያን ዘጋጥሞም ብድሆታት ንምፍታሕ ዝተፈላለዩ ጽንናታት ክገብር ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ወጻኢ ምትእትታው ትጻወር ሃገር ከምዘየላ ብምንጻር፡ ሃገሩ ብልዕልና ሕግን መንግስቲን ከምእትምራሕ ብትሪ ኣገንዚቡ።

መንግስቲ ናይጀርያ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንሰልፈኛታት ብምድጋፍ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገር ጣልቃ ኣትዩ ዝተረኸበ ወጻእተኛ፡ ግቡእ ስጉምቲ ክወሰደሉ ምዃኑ እቲ ሚኒስተር ኣረዲኡ።

ኣብ ናይጀርያ፡ ን10 መዓልታት ዝቐጸለ ናህሪ ዋጋ ሃለኽቲ ነገራት ዘበገሶ ህዝባዊ ተቓውሞታት፡ መንግስቲ ብሰላም ክፈትሖ ዝዓለመ እኳ እንተተገብረ፡ ኣብ ገለ ዓበይቲ ከተማታት ናብ ፍጹም ጎነጽ ከምእትቕየረ ይሕበር።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ንኣብነት፡ መጠን ናህሪ ዋጋታት ናብ 34.19 ሚእታዊት ከምዝዓረገ እዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 9/08/24 | ጎደና ማ. ት.ኣ-176ቁ.25፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565